# ፍኖተ ብርሃን

ንምእመናን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንምሃብ ብሓልዮት ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜርካ ብትግርኛን እንግሊዘኛን እትሕተም ዕላዊት ጋዜጣ ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ።

ቁጽሪ 486 መበል 58 ዓመት | *ሚያዝያ 2010 ዓ.ም (2002 ግእዝ )* | ዋና ኣዳላዊ ዲያቆን ተኽለማርያም ምርካጽዮን


# ርእሰ ዓንቀጽ

## እታ እምነትኩም ደኣ ኣበይ ኣላ?

ሓደ መዓልቲ ሓዋርያት ብባሕሪ ክኅዓዙ ከለዉ ብፈተና ምስ ተሰነፉ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ነቶም ብማዕበል ባሕርን ብብርቱዕ ንፋስን ተጨኒቖም ኣብ ከቢድ ፍርሓትን ሻቕሎትን ዝነበሩ ሓዋርያት **"ኣበይ ደኣ ኣላ እታ እምነትኩም?** ኢሉ ሓተቶም። ከም ታሪኽ ከነዘንትዎ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እዚ ሕቶ'ዚ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ክርስቲያን ዝምልከት እዋናዊ ሕቶ እዩ። <u>"ናትና እምነትከ ኣበይ ኣላ?"</u> ሉቃስ 8፡25። እምነት ነቲ ብተስፋ እንጽበዮ ነገር ከም እንረኽቦ ዜረጋግጽ፥ ነቲ ዘይርአ ከኣ ከም ዘሎ ዜረድእ እዩ። ዕብ 11፡1። ልዑል እግዚኣብሔር ዝነገርካዮ ዘይርስዕ፡ ዝለመንካዮ ዘይከልእ ርህሩህ ኣምላኽ ምዃኑ እቶም ብእምነት ዝሰዓብዎ ሰባት ኵሎም ኣረጋጊጾሙልና እዮም። ኣብ ቅዱስ ወንጌልውን "ኣሚንኩም ብጸሎት ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኲሉ ነገርውን ክትቅበሉ ኢኹም" ዝብል ምሉእ ተስፋ ዝሓዘ ቃል ተዋሂቡና ኣሎ። ማቴ 21፡22። እምነት ኣምላኽ ዘሎዎም ሰባት ዕዉታት እዮም። እንተኾነ ከምቲ ወርቂ ብሓዊ ተፈቲኑ እንታይነቱ ዝረጋገጽ፡ እምነት ከኣ ልባዊትን ግብራዊትን እትኸውን ብፈተና ምስ ትሓልፍ እዩ።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንቅዱሳን ደቀ መዛሙርቱ <u>"ክንዲ ፍረ ኣድሪ እትኣክል እምነት እንተ ኣላትኩምሲ ነዚ እምባ'ዚ ካብዚ ናብቲ ግዓዝ እንተ በልኩምዎ ይግዕዝ፥ ዘይከኣለኩም ነገር ከኣ የልቦን</u>" ዝብል ሕያው መብጽዓ ከም ዝሃቦም ንዝክሮ ኢና። ማቴ 17፡20። እንተኾነ ዝበዝሐ እዋን እታ ክንዲ ፍረ ኣድሪስ ትትረፍ እምነትና ጨሪሳ እትቕህመሉ እዋን የጋጥመና እዩ። ገለ ገለ እዋን ከኣ ካብ ኣብ ኣምላኽሲ፡ ኣብቲ ድኹምን መዋትን ወዲ ሰብ ክንኣምን ይቐለና። እቶም ቀዳሞት ኣቦታትና "ሓቀኛ እምነት እንተ ሒዝኩምሲ ዘይከኣሎኩም ነገር የልቦን" ዝብል ቀዋሚ ዕላማ ሒዞም እዮም ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እምባን ኩርባን ዘግዕዙ፡ ባሕርታት ዝመቐሉ፡ ትእምርትን ተኣምራትን ዝገብሩ ዝነበሩ። እወ ብሓቂ ንእግዚኣብሔር ኣሚኑን ኣብ መቕደሱ ተጸጊዑን ዝሓፈረ ወይ ዝተሳዕረ ሰብ ብፍጹም የሎን። ሓዋርያ ጴጥሮስ እኳ ብእምነቱ ኣብ ልዕሊ ማያት ክኸይድ፡ ብምጥርጣሩ ድማ ክሰጥም ከም ዝጀምረ ኣብ ሕይወቱ ስለ ዝረኣዮ "ሽሕ እኳ ሕጂ ንቑሩብ ጊዜ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ክትሓልፉ ግዲ እንተ ኾነ፥ በዚ ክትሕጎሱ ኢኹም፥ እዚ ኸኣ እታ እምነትኩም ሓቂ ከም ዝኾነት ኬረድእ እዩ" ክብል ቃል ምስክርነቱ ጽሒፉልና ኣሎ። 1ጴጥ 1፡6።

ህይወት ሰብ ብፈተና ዝተሓጽረት እያ። ቅኑዓት ኣገልገልቲ ኣምላኽ ብዝያዳ ኣብ ግዜ ፈተና ንምእመናን ብሓላፍነት ከመርሑ ይግባእ። እቶም ጎደሎ እምነትን ፍርሓትን ዘለዎም ሰባት ድማ ነቶም ጵኑዓት ናይ ሃይማኖት ጀጋኑ ርእዮም ክንስሑ ይግብኦም። እዚ እንተ ዘይኮነ ግና ተጠራጠርቲ ዝኾኑ ሰባት እንተ መርሑኻ "ዕዉር ንዕዉር እንተ መርሖ ክልቲኦም ኣብ ጉድጓድ ይወድቁ" ዝብል ቃል ቅዱስ ወንጌል እዩ ዝፍጸም። ማቴ 15፡14። እሞኸ ደኣ ኣሰር መን ንስዕብን በየናይ መገዲ ንጓዓዝን ከም ዘሎና ተረዲኡናዶ ንነብር ኣሎና? ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ ተጠራጣሪ ቶማስ "ኣማኒ እምበር ዘይኣማኒ ኣይትኹን" ኢሉ እዩ ዝነገሮ። ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን ይኹን ኣብ ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዝተራእየ ገሊኦም ብመገዲ ጸጋም ዝኅዓዙ "ክሳብ ሰማይ ንብላዕ ስርናይ" ዝብሉ ንረብሓ ሥጋ ዝነብሩ፥ ገለ ድማ ብመገዲ የማን ዝመላለሱ "ሓቂ ይጸንሕ ንደቂ" ዝብሉ ንረብሓ ነፍሲ ዝሓስቡ፡ ስለ ዝኾኑ ናይ ምርጫ ፍልልይ ክህሉ ግድን እዩ። ኣብ ዘመንና ብዙሓት ሰባት ንእምነቶም ብሓላፊ ንብረት፡ ብከንቱ ሽመትን ዓለማዊ ጣኣታትን ኪልውጡ ንዕዘብ። ገሊኦም ሰባትውን ንእምነቶም ከምታ ብማዕበል ባሕሪ እትጠፍእ መርከብ ኣጥፊኦምዋ እዮም። 1ጢሞ 1፡19። ስለዚ እምበኣር እቲ "ደው ኢሉ ዘሎ ከይወድቕ ይጠንቀቕ" ከም ዝበሃል ንሕና ህዝበ ክርስቲያን ድማ ከም ሰበይቲ ሎጥን ዴማስን ንድሕሪት ክንጥምት ዘይኮነስ፡ ከም ዲያቆን እስጢፋኖስን ቅዱስ ጊዮርጊስን ናብቲ ሰማያዊ ዕላማና መከራ መስቀል ተሰኪምና ክንጎዓዝ ድርብ ረብሓታት ከም ዘለዎ ክንጠራጠር ኣይግባእን። እቲ ሓቂ እዚ ስለ ዝኾነ ብሥጋን ነፍስን ረቢሕና ምእንቲ ክንዕወት ናብቲ ጀማርን ደምዳምን እምነትና ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ብእምነት ንሰማይ ንጠምት።

ነታ እግዚኣብሔር ወልድ ብክቡር ደሙ ዝመሥረታ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ሓዋርያት ብስብከቶም ሰማእታት ብሕይወቶም በጃ ሓሊፎም ዝዓቀብዋ ቅንዕቲ እምነት፡ ንሕና ድማ ተስፋ ከይቆረጽና ንመጻኢ ወለዶ ከነመሓላልፋ ሕድርን ግዴታን ተቐቢልና ኢና። እቲ እሙን ኦርቶዶክሳዊ ክርስቲያን ዝበሃልውን ብጊዜ ኵነታትን፡ ብሰብን ኣከባብን ብማእሰርትን ስደትን ዘይነቓነቕ እምነት ዝሓዘ ሓቀኛ ኣማኒ እግዚኣብሔር ማለት ምዃኑ ክበርሃልና ኣለዎ። እዞም ናይ ዓለም መንግሥታት እኳ ንምድራዊ መደባቶም ከዐውቱ መዓልትን ለይትን ዝጽዕሩ፡ ወተሃደራቶም ከኣ ንምድራዊ ዕላማ ክብሉ ክብርቲ ሕይወቱ ንሞት ከወፍዩ ድልዋት ካብ ኮኑስ፡ እቶም ኣብዚ ምድሪ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሰማያት ከይተረፈ ዘለዓለማዊ ሕይወትን ዘይሓልፍ መንግሥትን እንጽበ ክርስቲያን ደኣ ንሃይማኖትናን ሓዋርያዊ ተልእኾናን ብልቢ ውፉያት ዘይንኾነሉ ምኽንያት እንታይ ኣሎ? እምበኣር እቲ ቅዱስ ጽሑፍ "ኣብርሃም ንኣምላኽ ኣመኖ ጽድቂ ኮይኑውን ተቘጽረሉ" እዩ ዚብል እሞ ከምቲ ቅዱስ ኣቦና ኣብርሃም ናይ እምነት ሰባት ኴንና ክነብር ኣምላኽ ይደልየና ኣሎ።

ኣብ መደምደምታ ክንብሎ እንደሊ እምነት-እግዚኣብሔር ብሓላፊ ወርቂ ይኹን ብዝበሊ ጨርቂ፡ ወይ ድማ ብስድራ ቤት ይኹን ብንብረት፡ ክንልውጦ ፈጺምና ኣይንኽእል ኢና። ኢየሱስ ክርስቶስውን "ነቲ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዝተኣመነኒ ዅሉ ኣነ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክእመኖ እየ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝኸሓደኒ ግና ኣነ ድማ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክኽሕዶ እየ" ኢሉ ኣሎ። ማቴ 10፡32። እምበኣር ካብ ክሕደትን ውድቀትን ምእንቲ ክንድሕን ኣብ ትሕቲ እቲ ዘይታኽስ እሙን ኣምላኽ ብእምነት ጸኒዕና ንንበር። እዛ ናይ ሕጂ እምነትና ምስ ጸንዐት ከኣ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ናብ ኣኽሊል ክብርን ጸጋ ዘለዓለምን ከተብጽሓና እያ። ብዘየቋርጽ ተስፋ-እምነት ክንመላለስ እግዚኣብሔር ይደግፈና!።

# <u>ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን: በዓቢይ ኃይል ወሥልጣን</u>

ብዲያቆን ተኽለማርያም ምህርካጽዮን

እዚ ድምጺ ዓወት'ዚ በዓል ትንሣኤ ብዝመጸ ቁጽሪ ኣብ ኣብያተ ክርስቲያናትና ዝንገር ናይ ሓጎስን ዓወትን መቓልሕ እዩ። እዚ ማለት ድማ ከምቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ኣብ መስቀል ሕይወቱ ዝሃበ፥ ከምኡ ድማ ብኃይሊ ሥልጣኑ ንሞት ስዒሩ ክትንሥእ ምኽኣሉ ዘበሥር ቃል እዩ። ነዚ መሠረት ብምግባር'ዩ እቲ ብታሪኹ ክርስቲያን ዝኾነ ሕዝብናውን "ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን፥ በዓቢይ ኃይል ወሥልጣን" ምባል ሥርዓተ-ኣምልኾ ገይሩ ሒዝዎ ዝርከብ ዘሎ። ግዳስ እቲ ትንቢት ንኽፍጸም ደኣ'ዩ እምበር፥ እቲ ብባሕርዩ ሞትን መቓብርን ኣጽኒዑ ክሕዞ ዘይክእል ኣምላኽ፥ ሞይቱ ምባል ምስ ባሕርየ-መለኮቱ ዝሳነ ኣይኮነን።



ይኹን እምበር ነቲ ሽዕኡ ዝነበረ ኵነታት "ለእለሂ ኣበሱ ወለእለሂ ኢኣበሱ ቀነዮሙ ሞት እም ኣዳም ኣስከ ሙሴ" ብምባል ሓዋርያ ጳውሎስ ገሊጹዎ ኣሎ። እዚ ማለት ድማ "እቶም ካብ ኣዳም ክሳብ ሙሴ ዝነብሩ ትውልዲ በዲሎም ኣይበዲሎም ብዘየገድስ ኃጢኣት ገዝኣም" ከም ምባል'ዩ ዘስምዕ። (ሮሜ 5፡14) ስለዚ ድማ'ዩ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብዚ ዝተባህለ ባርነት ኃጢኣት ነጻ ከውጽኣና፥ ገንሸል ፋሲካ ኮይኑ መከራ-መስቀል ክቕበል ቅዱስ ፍቓዱ ዝኾነ። ብዝተረፈ ከምቲ ኢሳይያስ ኣብ ትንቢቱ ብሰሪ ገበንና ቖሰለ ብሰሪ ኣበሳናውን ተኸትከተ ንሕና ሰላም ምእንቲ ኽንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ ንሕና ድማ ብስብራቱ ሓዌና። ዝበሎ ነቲ ድሒሩ ክፍጸም ዝነበሮ ግብሪ ምድኃን፥ ገና ኸሎ ብዓይኒ ትንቢት ከምዝረኣዮ ዘረድእ እዩ። እቲ ትንቢት ምእንቲ ክፍጸም ከኣ፡ እቲ ጎይታ ጎቶትን ንጉሠ ነገሥትን ዝኾነ ክርስቶስ፥ ኣብ ክንዲ ኃጢኣትና መከራ-መስቀል ክቕበል ግድነት ኮነ። (ኢሳ 53፡5)

ብወገኑ ሓዋርያ ጳውሎስ ነቲ ኣብ ቀራንዮ ዝተፈጸመ ዓቢይ ናይ ምድኃን ምሥጢር ክገልጽ ከሎ "ግናኸ ገና ንሕና ኃጥኣን ከሎና፥ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ'ሞ፥ ኣምላኽ እታ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ በዚ የርኢ ኣሎ። .......... ጸላእቱ ከሎና ከኣ ብደም ወዱ ተዓረቕና" ይብል። (ሮሜ 5፡8,10) ነዚ መሠረት ብምግባር'ያ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያንውን "ትንሣኤከ ለእለ ኣመነ፥ ብርሃነከ ፈኑ ዲቤነ" ብምባል መቓልሕ ሓጎሳ ከተስምዕ ትርከብ ዘላ። ብዝተረፈ ንዓና ንክርስቲያን ካብቲ ኣብ መስቀል ዝተፈጸመ ዓወት ዝዓቢ ካልእ መመክሒ ስለ ዘይብልና፥ "መስቀል ኃይልነ! መስቀል ጽንዕነ! መስቀል ቤዛነ! መስቀል መድኃኒተ-ነፍስነ" ክንብል ምኽንያት ኣሎና።

ብዝተፈልየ ድማ እቲ ኣብ መስቀል ዝተፈጸመ ግብሪ ምድኃን፥ ጽልኢ ዝድምስስን ዕርቂ ዘምጽእን ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ፥ ነቲ ዝጸንሐ መጋረጃ ኃጢኣት ቀንጢጡ እግዚኣብሔርን ሰብን ክራኸቡ ዘኽኣለ፥ ናይ ዘመነ-ምሕረት ሓዲሽ ምዕራፍ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ስለዚ ከኣ'ዩ "ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ብሙማት ነቲ ጽልኢ ደምሰሶ... ብመስቀሉ ከኣ ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቐና" ብምባል ተገሊጹ ዘሎ። (ኤፌ 2፡16)

መልእኽቲ እቲ ቅዱስ ጽሑፍ ግን፥ ብንባብ ጥራይ ርኢኻዮ ክሕለፍ ዝግብኦ ዘይምዃኑ ምርድኡ ኣገዳሲ እዩ። ከመይሲ እቲ ብመገዲ መስቀል ምስ ኣምላኽ ክንዕረቕ ዝረኸብናዮ ክብሪ፣ በቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንታና ክብል ዘፍሰሶ ደም ስለዝኾነ፣ ንድኅነትና ክበሃል ክሳብ ክንድዚ ዝኣክል ክቡር ዋጋ ከም ዝተኸፍለ፥ ኩሉ ጊዜ ብኣስተንትኖ ክንሓስቦ ዘሎና ኣምላኻዊ ምሥጢር እዩ። እዚ ኸኣ ኣሜን ኢልካ ብምስጋና ምቕባሉ እንተ ዘይኮይኑ፥ እቲ ምሥጢር ድኅነት ተመራሚርካውን ክብጻሕ ይከኣልዩ ዝበሃል ኣይኮነን። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ ግን "ፍቅር ሰሓቦ ለወልደ ኣምላክ እመንበሩ፥ ወኣብጽሖ እስከ ለሞት" ብምባል ይገልጾ። ብትርጉም ክርአ ከሎ "ንወዲ ኣምላኽ ፍቕሪ ካብ መንበሩ ስሒቡ፥ ክሳብ ሞት ኣብጽሖ" ማለት እዩ። ቅዱስ ዮሓንስ ምግራሙ ብምቕጻል "ኣየ ፍቕሪ! ክሳብ ክንድዚ ዝኣክል ንሰብ ምፍቃር!!" ብምባል የስተንክር።

ብምኽንያት እዚ ፍቕሪ'ዚ ከኣ'ዩ ጎይታና መከራ-መስቀል ብምቕባል፥ ብሞቱ ንሞት ስዒሩ ነቲ ተተኺሉ ዝነበረ ናይ ጽልኢ መንደቕ ክፍርሶ ዝኸኣለ። በዚ መገዲ'ዚ ተጓዒዝና ከኣ ኢና፥ ደቂ እግዚኣብሔርን ደቂ መንግሥተ-ሰማያትን ክንከውን ዝበቃዕና። ስለዚውን መልእኽቲ በዓል-ትንሣኤ፥ ኣብ ፍቕርን ሰላምን ዕርቅን ዝተሠረተ ስለ ዝኾነ፥ ነዚ ኹሉ'ዚ ናይ ሕይወትና መምርሒ ጌርና ናይ ምቕባል ዘሎና ሓላፍነት ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ስለ ዝኾነው ብምኽንያት በዓል-ትንሣኤ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣብ እንቕመሉ ጊዜ፥ ካብ መሠረት ዕርቅን ሰላምን ፍቕርን ርሒቕና ከይንህሉ፥ ምስ ሕልናና ክንዛረበሉ ዘሎና ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ።

ብዝተረፈ ብዛዕባ'ቲ ብይቕሬታን ዕርቅን ዝግበር ጉዕዞ ክርስቲያናዊ ሕይወት ከይሃለወካ፥ ምስ እግዚኣብሔር ኅብረት ኣሎኒ ምባል ዘኽይድ ኣይኮነን። ስለዚውን በዲልካ ኮነ ተበዲልካ ይቕረ ክትብል ምኽኣል፥ ጎይታ ኣብ መስቀል ከሎ ዝመሃሮ ትምህርቲ እዩ። እቶም ጽሑፋት ከም ዘረጋግጽዎ ጎይታና ካብ ቤተ-ኣይሁድ ንላዕሊ ጸላእቲ ነይሮም ኣይበሃልን። እቲ ኵሉ ስቓይ የውርድሉ ኣብ ዝነበርሉ ጽንኩር ሰዓት ድማ "ኦ ኣቦይ እቲ ዝገብርዎ ኣይፈልጡዎን እዮም'ሞ ኣይትሓዘሎም" ኢሉ ኣብ ክንድኦም ከም ዝጸለየ ኢና ነንብብ። እምበኣርከስ ካብ መስቀል እንመሃሮ ዓቢይ ትምህርቲ፥ ንጸላእትኻ ይቕረ ክትብለሎም ምኽኣል እዩ። ይቕረ ምባል ከይከኣልካ ከኣ "ክርስቶስ ተንሥኣ እሙታን" ኢልካ መስቀል ክትሳለም ዘኽይድ ኣይኮነን። (ሉቃ 23፡34)

በዓል-ፋሲካ ምስ ዕርቅን ይቕሬታን ምስ ዝኸውን ደኣ'ዩ፥ ንበረኸት ክኾነልና ዝኽእል እምበር፥ ይቕረ ምባል ከይፈለጥካን ይቕረ ምባል ከይከኣልካን በዓል-ትንሣኤ የብዕል ኣሎኹ ምባል ግን፥ ኣብ እግዚኣብሔር ከብጽሓና ዝኽእል ኣይኮነን። ስለዚ ንሕና ከም ክርስቲያን መጠን፥ ናይ ፍቕሪ ሰባት ብምዃን፥ ይቕረ በሃልቲ ኴንና ክንርከብ ከምዝግባእና ዘይንፈልጥ ክንከውን ኣይግባእን። ድሕሪ'ዚ ከኣ'ዩ "ትንሣኤከ ለእለ ኣመነ፥ ብርሃነከ ፈኑ ዲቤነ" ብምባል፥ ተሳተፍቲ በዓል-ትንሣኤ ክንከውን መሰል ክህልወና ዝኽእል።

ብዝተረፈ ትርጉም በዓል-ትንሣኤ እንታይ'ዩ እንተ ተባህለ፥ መጀመርታ ኮነ መደምደምታ ኣብ ፍቕሪ ዝተሠረተ ኮይኑ'ዩ ዝርከብ። ከመይሲ ጎይታ ምእንቲ ፍቕሪ ሰብ'ዩ መከራ-መስቀል ዝተቐበለ። ካብዚ ዝዓቢ ናይ ፍቕሪ መግለጺ ከኣ የልቦን። ብመሠረቱ እምነት ክርስትና ብፍቕሪ ዝተሓንጸ ኣዳራሽ'ዩ ኢልካ ክግለጽውን ዝሰማማዕ ይመስለና። ኣብዚ መሠረት'ዚ ጸኒዕና ደው ክንብልውን ክርስቲያናዊ ግዴታና እዩ። ብዝተረፈ እቲ "ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኴንና፥ ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ እናበልና ንልምነኩም ኣሎና" ተባሂሉ ዝተነግረ ቃል፥ መልእኽቲ ፋሲካ ጌርና ክንቅበሎ ዘስተውዕል ኣእምሮ ይዓድለና። ዝተባረኸ ዓውደ-ዓመት ከኣ ይግብረልና። (2 ቆሮ 5፡20)


ርእሰ-ዓንቀጽ ገጽ 1 | ዜና ቤተክርስቲያን ገጽ 2 | ማሕበራዊ ናብራ ገጽ 5 | መንፈሳውነት ገጽ 6 | English ገጽ 7

# እዋናዊ ኣርእስቲ

## ቃለ መሕትት ምስ ናይ ቲኦሎጂ ምሁር ኣባ ሽኖዳ ማህር

ኣዳለውቲ ተመሃሮ ስነ–መለኮት "ደቂቀ እንጦንዮስ"



መእተዊ:- መነኮስ ኣባ ሽኖዳ ማህር፡ ንልዕሊ 40 ዓመት ፕሮፌሰር ናይ ኦክስፎርድ ዩኑቨርሲቲ ኮይኖም ስነ-መለኮት ዝምሃሩ ኣብ ልዕሊ ምኧኖም ካብቶም ዝልዓሉ ናይ ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተ ዋ ሕ ዶ ቤተክርስትያን ሊቃውንቲ ሓደ እዮም። ኣብ ዝተፈላለየ ኣድማሳዊ ጉባኤታት ንኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ግብጽን ኤርትራን ወኪሎም ዝተጋብኡን፡ ንቤተክርስትያን ብዝምልከት ኣብ ዘመንና ካብ ዘለዉ ሊቃውንቲ፡ ብነገረ መለኮት ብቀዳምነት ዝስርዑ ሊቅ ወዲ ቤተክርስትያን እዮም። ብተወሳኺ፡ መነኮስ ኣባ ሽኖዳ ማህር፡ ናይ ስነ-ጥዕና በዓል ሞያ (MD,Medical Doctor) እዮም።

ኣብ ኮለጅ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሓደ ካብቶም ዝድነቑ መማህራን ብምኧኖም፡ ነዚ ፍሉይ ዕድል ብምጥቃም ተመሃሮ ስነ-መለኮት ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ብፍላይ፡ ብሓፈሻ ከኣ ኣብ ልዕሊ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ወሪዱ ዘሎ ከቢድ ሓደጋ፡ ኣኸቲልዎ ዝርከብ ኣድማሳዊ ተነጽሎን ውሽጣዊ ነውጽን ብዝምልከት ፍሉይ ቃለ-መጠይቕ ኣካይዶም። ተተርጕሙ ናብ ህዝቢ ኪቐርብ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ቃል ኣቲና ምንባርና ዝዝከር ኮይኑ፡ መነኮስ ካህን ሽኖዳ ማህር ቀኖናን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ቤተክርስትያን ተዋሕዶ ብምዝርዛር፡ እቲ ኣብ ናይ ኣርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ተፈጺሙ ዘሎ ግህሰት ብዕምቆት ብምዝርዛር ዝሃብዎ መልሲ ይቕጽል።

**ሕቶ** 1. ታሪኻዊ ዝምድና ግብጺ፡ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኣብያተ ክርስትያናትዶ ምገለጽኩምልና?

**መልሲ መነኮስ ካህን ሽኖዳ ማህር፡-** ልክዕ'ዩ ናይ ግብጺ፡ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብያተ ክርስትያናት፡ ኣሓትን ደቂ ቅዱስ ማርቆስ ወንጌላውን እየን። ቅ. ማርቆስ፡ ሓደ ካብቶም ደቀ መዛሙርቲ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ናይ መጀመርያ ሰባኺ ወንጌልን ቀዳማይ ፓትርያርክ ናይ ዘባናን እዩ። ካብ ክርስቶስ (0 - 33 ዓም) ዝተበገሰ ሃዋርያዊ ሰንሰለት፡ ድሕሪ ቅ. ማርቆስ (43 - 68 ዓም) ብሰማዕትነት ምሕላፉ ናብ ካልኣይ ፓትርያርክ ቅ. ኣንያኖስ (68 - 85 ዓም) ... ከምኡ ኢሉ ቀጺሉ ብፓትርያርክ (መበል 20 ፓትርያርክ) ቅ. ኣትናቴዎስ 1ይ (326 - 373 ዓም)፡ ብቕብኣት ቅ. ኣትናቴዎስ ከኣ ኣቡነ ፍረሚናጦስ ናይ መጀመርያ ሰባኺ ወንጌልን ጳጳስን ኮይኖም ናብ ኤርትራ ብድሕሬኡ ከኣ ናብ ኢትዮጵያ ከምዝተጎዓዙ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ስኑድ እዩ። ብተወሳኺ ብመጽናዕቲ ዝተረኸበ ቅርስታትውን ምስክር እዮም። ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ካብ ግዜ ኦሪት ጀሚሮም እምነት እግዚኣብሔር ስለዝነበሮም፡ ስብከተ ወንጌል ኣቡነ ፍረሚናጦስ ብሰላም እዩ ተፈጺሙ፡ ናይ ሰላም መልእኽቲ ብሰላም ስለዝሰበኹ፡ ኣባ ሰላማ ዝብል ቅጽል ስም ከኣ ተዋህቦም። ክሳብ 1954-1955 ግብጻውያን ጳጳሳት ኣኣብ እዋኑ እናመጹ ንቤተክርስትያን ኢትዮጵያን ኤርትራን ይመርሑ ነበሩ። መግዛእቲ ናይ ጥልያን ምስ ኣብቕዐ ሓሙሽተ ጳጳሳት ብድሕሬኡ ከኣ ናይ መጀመርያ ፓትርያርክ ኢትዮጵያ ኣቡነ ባስልዮስ ተመሪጾም። ካልኣይ ፓትርያርክ ኢትዮጵያ ኣቡነ ቴዎፍሎስ መንግስቲ ደርጊ ናብ ስልጣን ምስ መጸ ብዓመጽ ኣውሪድዎም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣትዮም ሃለዋቶም (ሙማቶም ወይ ምህላዎም) ከይተፈልጠ፡ በደሎም እንታይ ምኳኑ ብነጻ ቤት ፍርድን ብጉባኤ ቤተክርስትያንን ከይተነጸረ፡ ሓድሽ ፓትርያርክ ክንቀብእ ደሊና መጺኹም ቅብኡልና ኢሎም ናብ ግብጺ ሓቲቶም። ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን ካብ ሕጊ ቤተክርስትያን ወጺኹም ትኸዱ ስለዘሎኹም ኣይንመጽእን ኢና። ሕጋዊ ፓትርያርክ ከኣ ንኣቡነ ቴዎፍሎስ ጥራይ ኢና ንፈልጥ ብምባል ንጹር መርገጺ ሒዛ እያ ጸኒሓ፡ ዋላ እኳ ናይ ሓባር ፕሮቶኮል እንተሃለወና ልዕሊ'ቲ ብኣቦታትና ሃዋርያት ዝቖመ ቀኖና ቤተክርስትያን ንሰርዮ ነገር ስለዘየለ መትከልና ኣነጺርና። ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን ጸቕጢ ናይቲ ሽዕኡ ዝነበረ ኮሚንስት መንግስቲ (ደርጊ) እኳ ትርዳእ እንተነበረት፣ መራሕቲ ኃይማኖት ንሕጊ ቤተክርስትያንን ክሳብ ሞት ደው ክብሉ ሓላፍነቶም ምኳኑ ስለዘገንዘብናዮም፡ ብኣና ሸነኽ ኣብ ሓቂ ጸኒዕና ጥራይ ዘይኮነ፡ ከምኡ ብምግባርና ንቤተክርስትያን ኢትዮጵያ ሓጊዝናዮም ኢና ንብል። ብተመሳሳሊ መገዲ ድሕሪ'ቶም ዘይሕጋዊ ፓትርያርክ ኣቡነ ተክለሃይማኖት (ብዘይ ሕጊ ሣልሳይ ኮይኖም ዝተመርጹ)፡ ራብዓይ ፓትርያርክ ኣቡነ መርቆሬዎስ ኪቕብኡ ከሎዉ'ውን ዓዲምምና ዝተጋህሰ ሕጊ ቤተክርስትያን ከይተፈወሰ ከምዘይንሕወስ ገሊጽና። ድሕሪ ናይ 1991 ዓ.ም ለወጢ'ውን ሓሙሻይ ፓትርያርክ ኣቡነ ጳውሎስ ኪቕብኡ ከሎው ተዓዲምና ግና በቲ ዝተገልጸ ምኽንያት ኣይተሓወስናን።

ቃለ መሕተት ምስ ናይ ቲኦሎጂ ምሁር ኣባ ሽኖዳ ማህር ናብ 3ይ ገጽ ይቕጽል

# ዜና ቤተክርስቲያን

### ዓመታዊ በዓል ቅድስት ማርያም ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ በይ ኤርያ ብድምቀት ተኸቢሩ;

ብብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ዝተመርሑ፡ ካብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ኣመሪካ ተዓዲሞም ዝመጹ ሊቃውንቲ ኣቦታትን ብብዝሒ ምእመናንን ብክብ ዝበለ ፍስሓን ሓጎስን ዝተጸንበለ ናይ ኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ኣስተርእዮታ፡ ካብ ዓርቢ ክሳብ ሰንበት (ጥሪ 29 - 31/ 2010 ፤(፳፩--፳፫ ጥሪ ፳፻፪ ዓ.ም. ግእዝ) ዝተፈላለየ መንፈሳዊ መደባት ሓቝፉ ኔሩ። ኣብ ዕለተ ዓርቢ፡ ብብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ፍሉይ ሰሚናር ንውሉደ ክህነት ተዋሂቡ። እቲ ሰፊሕ ምይይጥ ዝተኻየደሉ ኣስተምህሮ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናውን መጻእን መደባት ሃገረ ስብከት ዘድሃበ ብቐጥታ ምስ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያንን ሕይወት ኣገልገልትን ዝተተሓሓዘ ዝተፈላለየ ኣገደስቲ ኣርእስትታት ዘጠቓለለ እዩ ኔሩ። ሰሚናር ምስ ተወድአ ብዋዜማ ናይ ዓርቢ መደብ ተዛዚመ።



ቀዳም ወጋሕታ ብስብሓታት ዝተጀመረ ክብረ በዓል ቅድስት ማርያም በይ ኤርያ፣ ክብሪ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ምንጩ ሕርየት ቅድስት ሥላሴ ምኳኑ፡ መጽሓፍ ቅዱስን ኣቦታት ቤተክርስቲያን ብዛዕባ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዝሃብዎ ምስክርነትን ብሰፊሑ ዘረድእ ስብከት ድሕሪ ቅዳሴ ተዋሂቡ። ቅድስቲ ድንግል ማርያም ብሕጋዊ መውስቦ ካብ ኣቦኣ እያቄምን ኣዲኣ ሃናን ከም ዝተወልደትን፡ ልዕሊ ኩሎም ፍጡራን ኣደ ኣምላኽ ክትከውን ከም ዝበቕዐትን፡ ንሕና ክርስቲያናት ከኣ ኣማላድነታን ጸሎታን ዘወትር ከም እንደልን በሪሁ። እቲ እንኮ ንብምልእታ ዓለም ዘድኅን ጎይታ መድኃኔ ዓለም ስለ ዝወለደትልና ናይ ዘርእና ሓበን ምኳናውን ተገሊጹ። ኩላትና ክርስቲያን ድማ እምነትን መንፈሳውነትን ናይ ኣዴና ክንወርሥ ከም ዝግባእ ዝምህር መሳጢ ትምህርቲ ቀሪቡ። ብድሕሪዚ ሠለስተ ካብቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት፡ ብትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስን፡ ሥርዓተ ቤተ ክርስቲያንን ዝተመልመሉ ኣብ ስደት ዝተወልዱ መንእሰያት ብኢድ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ማዕርገ "ኣናጉንስጢስ" ተቐቢኦም። ኣስዒቦም ሕጻናትዝተማሃርዎ ትግርኛን እንግሊዘኛን ጸሎትን መዝሙርን ኣቕሪቦም።




ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰንበት መዛሙር ከቕርቡ ከሎዉ ምእመናን ሓቢሮም ምስ ደቆም ብምዝማር ከኣ ኣብ ገጽ ኩላቶም ክብ ዝበለ ፍስሃን ሓጎስን ይንበብ ኔሩ።

ብሊቃውንቲ ቤተ ክርስቲያን እንዳተመርሑ ምእመናን እንዳዘመሩን እንዳሸብሸቡን ብሓጎስን ዕልልታን ተሰንዮም ዑደቶም ድሕሪ ምፍጻም ናብቲ ዝተዳለወሎም ኣደራሽ ኣምርሑ። ኣዴታት ቅድስቲ ድንግል ማርያም ቤተ ክርስቲያን ዘዳለወኦ ምግቢ ድሕሪ ምብላዕ ሰፊሕ ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ተኸፊቱ። ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ነቲ ብወረቓቕቲ ዝቐረበ ኣብ ማሕበራዊ፡ መንፈሳዊ ሕይወት፡ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ሥርዓት ቤተ ክርስቲያንን ኣብዚ ሕጂ ኣብ ቤተ ክርስቲያንና ዘሎ ከቢድ ቅልውላውን መበገሲኡ እንታይ ምኳኑ... ዘጠቓለለ ብዙሕ ሕቶታት ቀሪቡ። ኣዕጋብን ኣዝዩ መሃርን መልስታት ብብፁእ ኣቦና ብቛንቛታት እንግሊዘኛን ትግርኛን ተዋሂቡ። ምእመናን ኣብዚ ፈታኒ እዋን ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓዋርያዊ ሕግን መጽሓፍ ቅዱስን ተንቲኖም ዝምህሩ፡ ብዓል ዓሚቕ ፍለጠት ኣቦ ብምርካብና "ዘደንቕ ሥራሕ ኣምላኽ" ጥራሕ እዩ ኪብሃል ዝክኣል ብምባል ገሊጾም። ነቲ ዕድል ብሰፊሑ ምእንቲ ኪጥቀምሉ ብጠለብ ምእመናን እቲ ናይ ሕቶን መልስን መደብ ንሰንበት ድሕሪ ኣገልግሎት ከም ዝቕጽል ተጌሩ፡ ሰፊሕ ምይይጥ ከኣ ተኻይዱ። ንዓመታ ኣብ ናትና ቤተ ክርስቲያን ከነብዕሎ ኣሎና ብዝብል ቅዱስ ቅንኢ ምእመናን ኣብቲ ዕለት ጥራይ ልዕሊ $27,000 (ዕስራን ሸውዓተን ሽሕ)፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ሰሙን ዝተዋጽአ ገንዘብ ብድምር ከኣ ኣስታት $80,000 (ሰማንያ ሽሕ) ኣበርኪቶም። ኣብ መጠረሽታ "ያብጽሓነ ዓመ ከመ ዮም ያብጽሓነ እግዚእ። ንዓመታ ከምዚ እዋን የብጽሓና ጎይታ" ብዝብል መዝሙር ካብ ዓርቢ ክሳብ ሰንበት ዝቐነየ መንፈሳዊ መደባት ብምስጋናን ፍስሓን ተዛዚሙ። እግዚኣብሔር ብጥዕና ሓልዩ ኣብ ሥጋዊ ናብራና በረኸት ወሲኹ፡ ብመንፈስ ዓብዩናን ደልዲልናን ንዓመታ ብዝበለጸ፡ ኣስተርእዮ ኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ከነብዕል ፍቓዱ ይኹን።

### ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ኣብ ግብጺ ሓዋርያዊ ዑደት ገይሮም።

ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ጳጳስ ዲበ ኩሉን ሃገረ ስብከት መንበረ ሊቀ ጵጵስና ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካን፣ ኣብ



*ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ*

ግብጺ ሓዋርያዊ ዑደት ፈጺሞም፣ ብፁዕናኦም ምስ ቅዱስ ፖፕ ሺኖዳ ብምርኻብ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ቤተ ክርስቲያን ሰፍሕ ዝበለ ምይይጥ ድሕሪ ምክያድ፣ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ንዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያናት መጠናኸርን፣ ንኣገልግሎት ዝውዕል ንዋየ ቅዱሳትን፣ ከምኡውን ንቤተ ክህነት ንኣገልግሎትን ጉስነትን ዝውዕል ንብረት ንሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ወፍዮም። ብፁዕነቶም እቲ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ይኹን ኣብ ካልእ ክፍለ ዓለም ዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያን ኣገልግሎት ንምኅያልን ንምብርታዕን ዓቢይ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ተጻሚዶም ይርከቡ። ከም መቐጸልታ ናይዚ ድማ ኣብ ሰሙናዊ ትምህርቲ ብመርበብ ሓበሬታ ተዋሕዶ ቀጻሊ ትህርቲ እናኣዳለዉ መንፈሳዊ ጉስነቶም ኣብ ምኅያል ኣብ ምዕያይ ይርከቡ።

### ዓቢይ ብሥራት ንኹሎም ኣመንቲ

ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ጳጳስ መንበረ-ጵጵስና ሰሜን ኣሜሪካ፣ ኩሉግዜ ዓርቢ (ሰሙናዊ) ማዕዳን ትምህርትን ብመርበብ ሓበሬታ ተዋህዶ ንምእመናን ክህቡ እዮም። እዚ ኣብ ዝተፈላለየ መደባት ዘተኮረ ተኸታታሊ ትምህርቲ'ዚ፣ ዓርቢ 19 የካቲት 2010 (የካቲት 12 2001 ግእዝ) ክጅምር እዩ። ዝኾነ ሕቶን ርእይቶን ዘሎኩም ብቀጥታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተዋሕዶ ክትልእኩ ከም እትኽሉ ብመንፈሳዊ ኣኽብሮት ንሕብር። እግዚኣብሔር ሰላሙን ረድኤቱን የብዝሓልና። ጸሎትን ቡራኬን ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኣይፈለየና።

**ታሪኻዊት ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ዳግማይ ትንሣኤ ድሕሪ ምርካባ፡ ብሓላፍነትን ዋንነትን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ ከም እትሕተም፡ ብመሰረት ንኹለን ኃይማኖታት ዝውሃብ መሰል፡ ሕጋዊ ፍቓድ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ረኺባ። በዚ መሰረት ብዘይ ፍቓድ ሃገረ ስብከት ምሕታምን ምዝርጋሕን ብሕጊ ዘሕትት እዩ።**

ዜና ቤተክርስቲያን ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል

**ቃለ መሕተት ምስ ናይ ቲኦሎጂ ምሁር ኣባ ሽኖዳ ማህር** *ካብ 2ይ ገጽ*

ናይ ኤርትራ ቤተክርስትያን ኣብ ግዜ ቃልስኹም ብዙሕ ጸገም ከምዝነበረኩምን ኣብቲ ዝግበር ዝነበረ ውሳኔታት ግደ ከምዘይነበረኩም ርዱእ እዩ ኔሩ። ድሕሪ ነጻነት ሃገርኩም ብዙሓት ጳጳሳት ኣይነበሩኹምን። ሓደ ካብኦም ኣቡነ ፍሊጶስ ኔሮም ንሶም ንገዛእ ርእሶም ክህነት ኣብ ግብጺ እዮም ብ1926 ዓም ብኢድ ፓትርያርክ ዮሃንስ ተቐቢኦም። ከም ሓዳስ ሃገር ናይ ገዛእ ርእስኹም ጳጳሳትን ፓትርያርክን ኪህልወኩም ንናይ ግብጺ ቤተክርስትያን ሓቲትኩም። ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን ከኣ ታሪኻዊ ሃዋርያዊ ሓድነት ከምዘሎና ኣርጊጻ ስለትፈልጥ ብኣወንታ መሊሳ። ኣቐዲሞም ሓሙሽተ ጳጳሳት ብድሕሬኡ ከኣ ቀዳማይ ፓትርያርክ ኤርትራ ኣቡነ ፍሊጶስ ኣብ ግብጺ ተቐቢኦም። ኣቡነ ያዕቆብ 2ይ ፓትርያርክ ብድሕሬኦም ከኣ ኣቡነ እንጦንዮስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኮይኖም ተቐቢኦም። ጽቡቕ ጸኒሕኩም ብሃንደበት ሽግር ከምዘጓነፈኩም፡ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ (ናይ ገዛ እሱር) ምህላዎም ንፈልጥ፤ ከም ክሲ ዝቐረበሎም ነገራት ኣቶ ዮፍታህ ምስ ክልተ ጳጳሳት ብሓምለ 2005 መጺኦም ሓቢሮምና። መልሲ ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን ካብ ንግሆኡ ንጹር እዩ። ቀዳማይ ነቲ ተባሂሉ ዘሎ ክሲ ኣብ ጉባኤ ቤተክርስትያን ኣቡነ እንጦንዮስ መልሲ ኪህብሉ ኣለዎም። ካልኣይ ትሕዝቶ እቲ ክሲ ንሓደ ፓትርያርክ ከውርድ ዝኽእል ኣይኮነን። ሳልሳይ ዝኾነ ዓይነት ምስ ስልጣን ፓትርያርክ ዝተሓሓዘ ጉዳይ ኪልዓል ከሎ፤ ፓትርያርክ ናይ ኣሓት ኣብያተክርስትያናት ኪዕደም (ኣብቲ ኤርትራን ግብጽን ዝተፈራረማሉ ፕሮቶኮል ብግልጺ ሰፊሩ ዘሎ)፡ ቅሉዕ ጉባኤ ቤተክርስትያን ኪጽዋዕ፡ እቲ ነገር ከኣ ብዝርዝር ቀሪቡ፡ ከሰስትን ተኸሳስን ጭብጥታቶም ሒዞም መጺኦም ንጉባኤ ከስምዑ እዩ ዝግባእ። ኣብ ናይ ኤርትራ ቤተክርስትያን ተፈጺሙ ዘሎ ግን ብዝኾነ ይኹን መለክዒ ዓመጽ እዩ። ኩሉ እቲ ነገር ብጸቕጢ ናይ ፖለቲካ መራሕቲ ከምዝተፈጸመ ንኹሉ ሰብ ብሩህ እዩ። መተካእታ ፓትርያርክ ከምዝመረጹ ኣብ ናይ ዜና ማዕከናት ሰሚዕና። ብ325 ዓም ኣብ ጉባኤ ኒቅያ ዝቖመ ሕጊ ኣቦታትና ሃዋርያት ግሂሶም ይኸዱ ስለዘለዉ፤ ሕጋዊ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ጥራይ እዮም። እቶም ብጸቕጢ ነዚ ዝገበሩ ጳጳሳት ካብ ሕጊ ወጻኢ ይጉዓዙ ከምዘለዉ ይፈልጡ እዮም። ካብ ናይ ግብጺ ጥራይ ኣይኮኑን ተፈልዮም ዘለዉ፡ ምስ ኩለን ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተክርስትያናት ሕብረት የብሎምን። ኩላትና ናይ ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተክርስትያናት ሓቢርና እንገብሮ ዓመታዊ ጉባኤታት ኣሎና፤ እዞም ሕጊ ኣፍሪሶም ዘለዉ ጳጳሳት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኪሳተፉ ከምዘይክእሉን፤ ኪፍቀደሎም እንተኾይኑ ከኣ ካብቶም ሕጋዊ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ፍቓድ እንተምጺኦም ጥራይ ምዃኑ ብንጹር ተነጊርዎም እዩ። ስለዚ ዝኾነ ካህን ይኹን ጳጳስ ብኤርትራ ዝመጸ ካብ ኣቡነ እንጦንዮስ ፍቓድ ከየምጽአ ምሳና ዋላ ሓደ ዓይነት ሕብረትን ርክብን ኪህልዎ ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን ኣይትፈቅድን እያ።

ቤተክርስትያን ኤርትራን ሕጋዊ መራሒኣ ኣቡነ እንጦንዮስን ኣብ ፈተና ከምዘለዉ ስለንፈልጥ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቅዳሴና ድሕሪ ፖፕ ሽኖዳ፡ ፓትርያርክ ሶርያ፡ ድሕሬኦም ከኣ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ጸዊዕና ጸሎት ንገብር። ምኽንያቱ ኣስማት ክልትኤን ቤተክርስትያናትን መራሕተንን ክንጽሊ፡ ኣብቲ ግብጽን ኤርትራን ኣብያተ ክርስትያናት ዝተሰማማዓሉ ፕሮቶኮል ሰፊሩ ስለዘሎ።

**ሕቶ 2.** ብዛዕባ እቶም ብዘይ ሕጊ ዝተመርጹ ፓትርያርክን እቲ ፍጻመ ብሓፈሻን ዝምልከት ቀኖና ቤተክርስትያን እንታይ ይብል?

**መልሲ ካህን ሽኖዳ ማህር፡-** ሕጊ ኣልቦ እዩ። ነቲ ተግባር ወጊዝናዮ ኢና። እቶም ኣብ ዘይግብኦም ወንበር ተቐሚጦም ዘለው'ውን ብሕልንኦም ሕጊ ኣፍሪሶም ከምዘለዉ ይፈልጡ እዮም ዝብል ግምት እዩ ዘሎኒ። ምኽንያቱ እቶም ብተመሳሳሊ ኩነታት ብዘይ ሕጊ ብጸቕጢ መንግስቲ ደርጊ ወንበር ዝሓዙ ኣቡነ ተክለሃይሞኖት (3ይ ፓትርያርክ ኢትዮጵያ)፡ ብሕልንኦም ሕጊ ግሂሶም ዘይምልከቶም ወንበር ከምዝተቐመጡ ይፈልጡ ምንባሮምን ኣብ ናይ ቀጻሊ ሕልናዊ መወቀስቲ ይነብሩ ምንባሮምን ብጭቡጥ ኣፈልጥ ኔረ። ብዘይካ ኣቡነ እንጦንዮስ ካልእ ሕጋዊ ፓትርያርክ ቤተክርስትያን ኤርትራ ከምዘይንፈልጥን፡ ካብ ፍቓዶም ወጺኡ ምስእዞም ሕጂ ብዘይሕጊ ዝጉዓዙ ዘለዉ ሰባት ዝወገነ ካህን ይኹን ጳጳስ ምስ ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን ዋላ ሓደ ዓይነት ሕብረት ይኹን ርክብ የብሉን።

ነታ ቤተክርስትያን ብምልእታ ግን ኣይወገዝናያን። ምኽንያቱ ሓደ ብዘይ ድሌት ቤተክርስትያን ብጸቕጢ ናይ ፖለቲካ መራሕቲ ከምዝተፈጸመ ስለንፈልጥ። ካልኣይ ኣብ ብምልእታ እታ ቤተክርስትያን ውግዘት እንተቐሚጥና እቶም ብሕጋውያን ፓትርያርካት ዝተቐብኡ ድያቆናት፡ ካህናትን ጳጳሳትን ዝፈጸምዎ ምስጢራተ ቤተክርስትያን (ጥምቀት፡ ተክሊል... ወዘተ) ከንቱ ኪኸውን'ዩ ማለት እዩ።

**ሕቶ 3.** ኣብቲ ብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ድሕሪ ብዙሕ ትዕግስቲ ኣብ መጨረሻ ዝጸሓፍዎ ቅሉዕ ደብዳበ፡ ንሊቃውንቲ ካህናትን ንብምሉኡ ምእመናንን፡ ከምኡውን ንኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስትያናት (ብፍላይ ከኣ ንናይ ግብጺ)፡ ነቲ ጉዳይ ኣነጺሮም መፍትሒ ኪኸውን ዝኽእል ሓሳብ (ማለት ጉባኤ ክጽዋዕ) ኣቕሪቦም። ነቶም መፍረስቲ ሕጊ እቲ ጉዳይ ብጉባኤ እንተተራእዩ ከምዘነውሮም ተረዲኦም ኣይገበርዎን። ን1700 ዓመታት ጸኒዑ ዝነበረ ሕጊ ኣፍሪሶም ውጺኢቱ ከኣ ካብ ዝተገመተ ንላዕሊ ኣዕናዊ ኮይኑ። ከም ምሁር ግብረ-መለኮት መጠን፡ መጻኢ ዕድል ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን እንታይ ይርእየኩም?

**መልሲ ካህን ሽኖዳ ማህር፡-** ከም ደቂ ክርስቶስ ቅድሚ ኩሉ ነገር ንሰርዖ ጸሎት እዩ። ብኻልኣይ ደረጃ ዋና ቤተክርስትያን፡ ጓሳና ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ታሪኽ ቤተክርስትያን ከምዝምህረና ንቤተክርስትያን ዝፈታተን ሓዊ፡ እንተ ካብ ውሽጢ ዝነቅል ወይስ ካብ ደገ፡ ጠፊኡ ኣይፈልጥን እዩ፤ ነገር ግን ኣብቲ ልክዕ ሰዓቱ ክርስቶስ ጎይታ መጺኡ ንቤቱ የድሕና እዩ። እቲ ንዓይ ዘስግኣኒ እቶም ሕጊ ቤተክርስትያን ረጊጾም ተሸይመ ዝብሉ ዘለዉን፡ ነዚ ገበን እዚ እንዳረኣዩ ዘጽቐጡን፡ ንሓቂ ዝረገጹን ንህይወቶም የጥፍእዋ ኣለዉ። ናይ ዘልኣለም መንግስቲ፡ ጽድቂ ደልዮም መኒኖም ከብቕዑ፡ ናይ ዘልኣለም ህይወት ዘየውርስ ተግባር ይፍጽሙ ኣለዉ። ኣነ ካብ ውሽጢ ልበይ ዝምነየሎም ገና ብህይወት ከለዉ ክናስሑ እዩ። ኩላትና ውሱናት ዓመታት ኢና እንነብር ኣብ ቅድሚ ፍርዲ ኣምላኽ ከኣ ክንቀርብ ኢና። ነዚ ሰብን እዝግን ዝመስከረሉ ዓመጽ ፈጺሞም ኣብ ቅድሚ መንበር ኣምላኽ ንፍርዲ ኪቀርቡ እዮም፤ ካብዚ ዝኸብድ ነገር ከኣ የሎን። እቶም ኣብዚ ምድሪ ንፍትሒ ዝደፈኑ ካብ ፍርዲ ኣየምልጡን እዮም። እቶም ኣብዚ ምድሪ ፍትሒ ዝተነፍጎም ከኣ፡ ከም ኩሎም ናይ ቤተክርስትያንና ሰማእታትን ቅዱሳንን፡ ካብ ኣምላኽ ዓስቦም፡ ካብ ምእመናንን ከኣ ክብሪ ይረኽቡ።

ኣብ ዓለምና እኳ ኣብዚ ሎሚ እዋን ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪብካ ንዝተኸሰስካሉ መልሲ ምሃብ ልሙድ እዩ። ቤተክርስትያን ግዳ ክሳብ ክንደይ ናይ ፍትሒ፡ ሰላምን ፍቕርን ኣርኣያ ኪትከውን እዩ ዝግባኣ ኔሩ። እዚ ኩሉ ግን ኣብ ቤተክርስትያን ኤርትራ ፈጺሙ ኣይተተግበረን። እምበኣር ፓትርያርክ እንጦንዮስ ብዓብይኡ ካብ ኣምላኽ ዝረኸብዎ ዓስቢ እኳ ፍሉጥ እንተኾነ፡ ንኣምላኽ ዝሰኣኖ ነገር ስለዘየሎን፡ ክርስቶስ ንቤተክርስትያኑ ሱቕ ኢሉ ስለዘይርእያን እቲ ዘሎ ዓመጽ ብፍትሒ ኪቕልበስ ዓቢ ተስፋ እዩ ዘሎና።

ንኡስ ሃገረ ስብከትኩም ወሲድዎ ዘሎ ስጉምቲ፡ ምስቶም ሕጋዊ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ደው ምባልኩም፡ ቅኑዕ እዩ። ኩለን ኦርየንታል ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስትያናት፡ ቀኖና ቤተክርስትያን ንዝስዓረ ኣፍልጦ ኪህባ ኣይክእላን እየን። እቶም ተመሪጾ ዝብሉ ዘለዉ ኣቦ ስሞም እኳ ዝጽውዖ የሎን። በዚ ሒዝክምዎ ዘሎኹም ሓቂ ጸኒዕኩም ኪዱ፡ ኣዘውቲርና ከኣ ንጸሊ፡ ኣምላኽ ፍትሒ ከምጽእ እዩ።

**ሕቶ 4.** ፓትርያርክ እንጦንዮስ ናይ ጥዕና ጸገም እኳ እንተለዎም፡ ናይ ገዛ እሱር ኮይኖም ኣብ ኣጸጋሚ ኩነታት ክነሶም፡ ክሳብ ሎሚ ብሓይሊ ኣምላኽ ደሓን ኣለዉ፡ ሓደ መዓልቲ ብዙሓት ደቆምን፡ ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተክርስትያናትን ደላይ ሓቂ ህዝቢ ዓለምን ስሌኦም ከምዝሞጎተ ዝፈልጡላ መዓልቲ ክትመጽእ ኣብ ኣምላኽ ተስፋና ዓቢ እዩ። ክሳብ ሽዑ ግን ብውልቕኹም ከተመሓላልፍሎም እትደልይዎ መልእኽቲ እንታይ ኣሎ?

**መልሲ ካህን ሽኖዳ ማህር፡-** ኣነ ትሑት ካህን ሽኖዳ፡ ኩሎም ተዋሕዶ ክርስትያንን መራሕትን ከም ኣካላት ናይ ሓንቲ ሰብነት እንኣምነሉ፡ ቅዱስ ኣቦና እንጦንዮስ ስለ ሓቅን ሕግን ቤተክርስትያን ዝቕበልዎ ዘለዉ ፈተና ዓቢ ሰማያዊ ክብሪ ዘጎናጽፍ እዩ። ንግዜኡ ብስጋ እኳ እንተሓሰሞም፡ ብመንፈሶም ግን ዕሩፍን ሓያልን እዮም። 3ይ ፓትርያርክ ብፁእ ወቅዱስ ኣቦና እንጦንዮስ ኣሰር ቅዱሳት ኣቦታትና ብምስዓቦም፡ ንኹላትና ሰዓብቲ ክርስቶስ ህያው ኣርኣያ እዮም። ካብ ናቶም ንላዕሊ ስለቶም መፍረስቲ ሕጊ ሻቕሎት ኣሎኒ። ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ "ኣነ እቲ ሓቀኛ ጉንዲ ወይኒ እየ..ንስኻትኩም ከኣ ጨናፍር ኢኹም... ኣባይ እንተጸናዕኩም ጽቡቕ ፍረ ኪትፈርዩ ኢኹም...ኣባይ ዘይጸንዕ ዘበለ ጨንፈር ንወጻኢ ተደርብዩ ይነቅጽ፡ ኣኪቦም ናብ ሓዊ ይድርብይዎ እሞ ይነድድ" ዮሃ 15፡1-7 ዝብል ዘፍርሕ ቃል ኣሎ። ከምኡውን ኣብ ወ. ማቴዎስ 18፡6-7 "ካብዞም ብኣይ ዝኣምኑ ንኣሽቱ ንሓደኳ ዜስሕት ግና፡ መጥሓን ኣድጊ ኣብ ክሳዱ ተኣሲሩ ኣብ ዓሚቕ ባሕሪ ኺጥሐል ይሔሾ። መዓንቀፊ ከይመጸ ኣይተርፍን እዩ...ምናዳ ነቲ ብሰሩ ስሕተት ዚመጽእ ሰብ ወይለኡ።" እቶም ሕጊ ኪምህሩ ዝግብኦም መራሕቲ ባዕላቶም ሕጊ እንተፍሪሶም፡ ብሰሮም ካብ ኣገልግሎት ቤተክርስትያን ዝርሕቁ ውሉደ ክህነት ብዙሓት ኪህልዉ፡ ካብ መገዲ ኣምላኽ ዝጠፍኡ ሰባትውን ሒደት ኣይኮኑን፡ ኣብ ስድራ ቤትን ምእመናንን ዝስዕብ ባእስን ጽልእን ምፍልላይን ቀሊል ኣይከኸውንን እዩ። ንኹሉ ግዜ ኣለዎ፡ ጽባሕ እዚ ሎሚ ዝተፈጸመ ገበን ተቓሊዑ ኣብዚ ምድሪዚ ዝሓፍርሉ ግዜውን ኪመጽእ እዩ። እንተዘይተነሲሖም ዝጽበዮም ዘሎ መቕጻዕቲ ከቢድ እዩ።

**ሕቶ 5.** ፓትርያርክ እንጦንዮስ ኣብ ናይ መጨረሻ ቅሉዕ ደብዳቤኦም፡ ሕጊ እንተረጊጽካዮ ተመሊሱ እዩ ዝረግጸካ" ስለዚ ሕጊ ኣይትርገጹ ኢሎም ኣጠንቒቖም፡ ወሲኾምውን ክሳብ እዚ ጉዳይ እዚ ብሊቃውንቲ ቤተክርስትያንን መራሕቲ ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶን ዘጋብኣ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ተጸዊዑ ዝምርመር ካብ ድያቆን ክሳብ ጳጳስ ከይትቕብኡ ብስም ቅድስት ሥላሴ ኣውጊዘ ኣሎኹ ኢሎም ኔሮም። እቲ ንሶም ዝሃብዎ ውግዘት ብዓይኒ ቆኖና ቤተክርስትያን ብኸመይ'ዩ ዝርአይ?

**መልሲ ካህን ሽኖዳ ማህር፡-** ብቀኖና ቤተክርስትያን ፓትርያርክ ናይ ሓንቲ ሃገር ኪውግዝ ስልጣን ኣሎዎ። እዚ ውግዘት እዚ ምስቲ ተፈጺሙ ዘሎ ዓመጽ ኪርኣይ ከሎ ከቢድ ሳዕቤን እዩ ዘሎዎ። ኩሎም እቲ ኣብዚ ገበንዚ ዝውዓሉ ብሕልናኦም ነቲ ሓቅን ነዚ ውግዘትን ኪፈርሕዎ ግድን እዩ። ስለዚ ብኣግኡ ንኽምለሱን ኪናስሑን ሓጋዚ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ሕጊ ቤተክርስትያን ካብ ተሓታትነት ናይዚ ውግዘት ነጻ ኣይገብሮምን እዩ።

ቅዱስ ሲኖዶስ ዝብሃል፡ ካብቶም ብብጽእና ዝተቀብኡ ኩሎም፡ ንላዕሊ ብቅድስና ዝተቐብአ ሕጋዊ ፓትርያርክ ዝመርሖ ጉባኤ እዩ። ርእሲ ዘይብሉ ሰብ ኪህልው ከምዘይክእል፡ ፓትርያርክ ዘይብሉ ሲኖዶስ ውሳኔ ኪወስድ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ንፓትርያርክ ዝምልከት ጉዳይ ብፓትርያርክ ናይ ካልእ ኣሓት ቤተክርስትያን ኪርኣይ ዝግብኦ። እዚ ኣብ ኤርትራ ተጌሩ ዘሎ ሕጊ ኣልቦ እዩ። ካብ ውግዘት ናይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ከኣ ነጻ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። ብዓይኒ ታሪኽ ቤተክርስትያን ክንርእዮ እንተኼንና ኣብ ዘመን ፖፕ ጴጥሮስ (መበል 17 ፓትርያርክ ኣሌክሳንድርያ) ተሰዲዱ፡ ካልኦት ኣርባዕተ ጳጳሳት ከኣ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኮይኖም ንሰማዕትነት ድሉዋት እንዳሃለዉ፡ ኣናትዮስ ዝተባህለ ጳጳስ ናብ ኣሌክሳንድርያ ብዘይ ሽግር ኣትዩ ካህናት ኪቀብእ ጀሚሩ (ምስቲ ናይቲ ሽዑ መንግስቲ ተሳምሚዑ)። እቶም ጳጳሳት እዚ ምስ ሰምዑ ከቢድ መጠንቐቕታ ዝሓዘ ደብዳቤ ጽሒፎምሉ። እቲ ናይ ሰማዕትነት እዋን ምስ ኣብቐዐ ሕጋውያን ጳጳሳትን ፓትርያርክን ናብ ቦትኦም ምስተመልሱ ግን፡ ውጽኢቱ ሕማቕ ኮይኑ ብወግዒ ተወጊዙ፡ ጸኒሖም ከኣ ኣናትዮስን ሰዓብቱን ናብ ናይ ኣርዮስ ማሕብር ተጸንቢሮም።

**ሕቶ 6.** ፖፕ ሽኖዳ ንገዛእ ርእሶም ኣብ ሰማንያታት ከምዚ ናይ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ዝመስል ፈተና ኣጋጢምዎም ኔሩ? ዝመሳሰሉን ዝፈላለየሉን፡ ንትምህርቲ ኪኸውን ዝኽእል መልእኽቲ እንታይ ኣሎ?

**መልሲ ካህን ሽኖዳ ማህር፡-** ኣብ ግዜ ፕረሲደንት ሳዳት፡ ብትእዛዝ ሳዳት ፖፕ ሽኖዳ ካብ ስልጣኖም ወሪዶም ኔሮም። እንተኾነ ኣብ ስርዓተ ምምሕዳር ግብጺ መንግስቲ ኣብ ሃይማኖት ኢዱ ዘእትወሉ ዕድል ድሩት እዩ። ቤተክርስትያን ግብጺ ብዘይ ገለ ተጽዕኖ ባዕላ መራሒኣ ትመርጽ ብድሕሬኡ እያ ነቲ መንግስቲ መራሒና ፍለጠልና (ናብ ምምሕዳር ሲቪል ዩንዮን) ወረቐት ተእቱ። ስለዚ ፕረሲደንት ሳዳት ኪገብሮ ዝኽኣለ ሓደ ነገር ጥራይ እዩ ኔሩ። ንፖፕ ሽኖዳ ከም መራሒ ግብጺ ቤተክርስትያን ኣፍልጦ ከሊእዎም። ንፖፕ ሽኖዳ ናብ ገዳም ኪኣትዉን ኪዕጾዉን ኣዚዞሞም፤ ብዙሓት ጳጳሳት፡ ካህናትን ድያቆናትን ከኣ ኣሲሮሞም።

ብድሕሬኡ እቲ መንግስቲ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ጳጳሳት ኣኻኺቡ ካልእ ፓትርያርክ ኪመርጽ ፈተነ ጌሩ ኔሩ፤ ገለ ውሑዳትውን ተታሊሎም ኔሮም ዝበዝሑ ግን እቲ ነገር ካብ ሕጊ ቤተክርስትያን ወጻኢ ምዃኑ ስለዝፈለጡ፡ ኣብቲ ኣኼባታት ንዘይምስታፍ ዝተፈላለየ ምኽንያታት እንዳፈጠሩ ነቲ ተንኮል ኣፍሺሎሞ፤ ፕረሲደንት ሳዳት ሓሳቡ ኣይተሳኻዓሉን። ደቂ ቤተክርስትያንን ውሉድ ክህነትን ከኣ እቲ ጉዳይ ኣጸቢቑ ስለዝበርሃሎም መራሒኦም ፖፕ ሽኖዳ ምዃኖም ጥራይ እዮም ዝፈልጡ ኔሮም። ብኣንጻር'ቲ ብመንግስቲ ዝተወሰደ ስጉምትታት፡ ምእመናን ኮፕቲክ ቤተክርስትያን ኣብ ልዕሊ መራሒኦም ዝወረደ ፈተና መሊሱ ኣትሪርዎም፡ ሽም ፖፕ ሽኖዳ ብዝደመቐ ኣብ ቅዳሴን ውልቃዊ ጸሎቶምን ኪዝክርዎም ጀሚሮም። ከምቲ ትፈልጥዎ ንኽሕግዝዎ ኢሉ ካብ ቤት ማእሰርቲ ዘውጸኦም "ብሞስሊም ብራዘርስ" ዝፍለጡ ኣኽረርቲ ምስልምና፡ ቀተልቱ ኮይኖም ቤተክርስትያንና ካብቲ ናይቲ ሽዑ ፈተና ኣዕረፈት።

**ሕቶ 7.** ኣብ ናይ መጨረሻ ሕቶና፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ መራሕቲ ቤተክርስትያን ኤርትራ እንታይ ኪገብሩ ይግብኦም?

**መልሲ ካህን ሽኖዳ ማህር፡-** መራሕቲ ቤተክርስትያን ኤርትራ ንምእመናን እቲ ሓቂ ኪምህሩ ይግብኦም። ሓቅን ክህነትን (መሪሕነትን) ኪፈላለያ ኣይግብኣንን። ብጾምን ጸሎትን ከኣ ናብቲ ኩሉ ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ፈጣሪ መድኃኔ ዓለም ኪቐርቡ ይግባእ። ቤተክርስትያን ካብ ሕጋን መገዳን እንተወጺኣ ንዕንወት ጥራይ እዩ። ብግብሪ ዚርኣይ ዘሎ ኸኣ ንሱ እዩ። ካብ ታሪኽ ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን እንምሃሮ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት መራሕትን ህዝብን ነቲ ሓቀኛ ሕጊ ቤተክርስትያን ስለዝፈለጡ ንዘይሕጋዊ ምውራድ ፖፕ ሽኖዳ ብትሪ ተቓዊሞሞ። ኣምላኽ ይመስገን ውጽኢቱ ኸኣ ሎሚ ንርእዮ ኣሎና። ፖፕ ሽኖዳ ንቤተክርስትያን ብኸመይን ኣበየናይ ደረጃን ንኽትበጽሕ ብጸጋ ኣምላኽ ዘገልገልዎ ኣዝዩ ዓብዩ እዩ። ፖፕ ሽኖዳ ንጉዳይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ብደንቢ ስለዝተረድእዎ ድማ ብጸሎትን ካልእ ብዘድሊ ዘበለን ይሕግዙ ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ንዝርከቡ ምእመናን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ብዘድልዮም ዘበለ ዝድግፎም ኣቦ ጳጳስ ኣቡነ ዳዊት ተመዚዞም ኣለዉ። (እዚ ቃለ መጠይቕ ኣቀዲሙ ስለዝተዳለወ እዩ እምበር ኣብዚ ሕጂ እዋን ብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ ኮይኖም ይመርሑ ምህላዎም ንኣንበብቲ ከነዘኻኽር ንፈቱ)።

ንሕቶታትና ንምምላስ ፍቓደኛ ምዃንኩምን ድኻምኩም ከይጸብጸብኩም ሰፊሕ ኣስተምህሮ ስለዝሃብኩምና የቐንየልና።

## ዜና ቤተክርስቲያን *ካብ 2ይ ገጽ ዝቐጸለ*

### በዓል ጥምቀት ኣብ መላእ ናይ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያን ብዓቢይ ድምቀት ተኸቢሩ።


ኣብ ኩለን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያናት ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከባ ብውዕዉዕ ኣገባብን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ተኸቢሩ።



እዘን ኣብ ትሕቲ ቅድስናን ጸሎትን ቡራኬን ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስን፣ ጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካን ተማእኪለን ዝኸዳ ሕጋውያን ኣብያተ ክርስቲያናት፣ ዝተኻየደ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ናብ ኩላተን ኣብያተ ክርስቲያናት ዝተመሓላለፈ፣ ብቋንቋታት ትግርኛ፣ እንግሊዝን፣ ዓረብን ትምህርትን ቡራኬን ሓዋርያዊ ጉስነት ተመሓላሊፉ። እዚ መልእኽቲ እዚ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ምእመናንውን ነዚ መንፈሳዊ መልእኽቲ ብመርበብ ሓበሬታ ተዋሕዶ ብስፍሓት ከም ዝተኸታተተልዎ ተሓቢሩ።

### ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ሱራፌል ናይ እንግሊዝ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን መትሮፖሊታን ተጸዋዒ ሊቀ ጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ኮይኖም ብምምዛዞም ናይ ሓዋርያዊ መንፈሳዊ ዮሃና ኣመሓላሊፎም።

ብፁዕ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ሱራፌል፣ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ብኃይሊ ጎነጽን ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ብምስዓር፣ ዝተፈጸመ ግፍዒ ብምቅዋም፣ ኣብ ምሉእ ዓለም ዓው ኢሎም ተቓውሞኦም ብጽሑፍን ብጉባኤን ኣብ ርእሲ ምግላጾም፣ ንኹለን ኣብያተ ክርስቲያናት ናይ ምብራቕ ኦርቶዶክስን ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት ብምዕዳም፣ መንፈሳዊ ናይ ጸሎት ጉባኤ ኣካይዶምን ነቲ ዝተገብረ ከቢድ መንፈሳዊ ግህሰት ድማ ኮኒኖም፣ ወጊዞምን እዮም።



በዚ መሠረት ድማ ነተን ኣብ ትሕቲ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያናት ምትብባዕን ሞራልን ኪህቡ ዝጸንሑ ኣቦ ቤተ ክርስቲያን ብምዃኖም፣ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ድማ መቐጸልታ ናይዚ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ኮይኖም ኣገልግሎት ይህቡ ብምህላዎም፣ መንፈሳዊ ዕግበቶም ገሊጾም።

ኣብቲ ዚግበር ኣገሎግሎት ኩሉ ዓወት ኪህቦም ድሕሪ ምምናይ ድማ ኣብ ኩሉ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ኃቢሮም ኪሰርሑን፣ ቃል ብምእታው ድማ፣ ነቶም መንፈሳዊ ኣቦን ናይዚ ዘመን ሓዋርያን ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ፣ ኣብ ጸሎቶም ከም ዚዝክርዎም ገሊጾም።

ከም ዝፍለጥ፣ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያናት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ድሕሪ እቶም ዘለዉ ፓትርያርካቶም ብጸሎት ዝዝከሩ ናይ ዘመንና ቅዱስ ኣቦን ናይ ታሪኽን ቅድስናን ኣቦ ምዃኖም ዚፍለጥ እዩ።

### መበል 12 ዓመታዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ኣብታ ዓባይ ከተማ ኒው ዮርክ ክካየድ እዩ።

መልእኽቲ ናብ ኵሎም ኦርቶዶክሳውያን ምእመናን፡ ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን ካብ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ምስ ኵላትና ይኹን እናበልና፡ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜርካ ብዘውጽኦ መደብ መሠረት፡ ሠናይ ድሌት ምእመናን ምስ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን ኒው ዮርክ ኮይኑ፡ እቲ ዓቢይ መበል 12 ዓመታዊ ጉባኤ ሰሜን ኣሜሪካ ኣብታ ዓባይ ከተማ ኒው ዮርክ ብኤርትራዊ ጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ እናተመርሐ ብምዕሩግ ኣገባብ ክካየድ ሰፊሕ ምድላው ይግበር ከም ዘሎ ብሓጎስ ክንሕብር ንፈቱ። ኣቦና ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ''እንሆ ህዝቢ እግዚኣብሔር ብሓደ ሓቢሮም ክነብሩስ ክንደይ ሠናይን ጥዑምን እዩ'' ብዝበሎ ቃል መሠረት ምእመናን ብሕብረት ኣብ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ክነብሩን ኣብ ቤት ኣምላኽ ተኣኪቦም ንሕድሕዶም ከተሃናነጹን ምርኣይ ብሓቂ ባህ ዘብል ነገር እዩ። ስለ ዝኾነ ከኣ ኣብዚ ተመዲቡ ዘሎ መበል 12 ዓመታዊ ጉባኤ ኵልኹም (ኩላትና) ምእመናን ተዋህዶ ነበርቲ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ብሓደ ሓቢርና ንልዑል እግዚኣብሔር ብዝገበረልና ከነመስግን፡ ብዝተረረፈና ድማ ክንልምን ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዝምልከት መንፈሳዊ ጉዳይ ምዃኑ ከኣ ከነዘኻኽር ንደሊ። ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ''እምነት ካብ ምስማዕ እያ፥ እቲ ዝስማዕ ድማ ቃል እግዚኣብሔር እዩ'' ክብል ዝጸሓፈልና፡ ብዛዕባ እታ ኣብ ልብና ዘላ ኦርቶዶክሳዊት ተስፋ-እምነትና ብክቡራት ካህናትን፡ ውፉያት ዲያቆናትን ኣገልገልቲ ትምህርቲ ሰንበትን ብዝወሃብ ሰፊሕ ትምህርቲ ቅዱስ ወንጌል ክንመሃርን ክበርሃልና ንደልዮ ክንሓትትን ጽቡቕ ኣጋጣሚ ምዃኑ ከኣ ኣብቶም ዝሓለፉ 11



ዕዉታት ጉባኤታት ተራእዩ እዩ። ስለዚ እምበኣር ናብ ቤት እግዚኣብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጎስኩ! ዝብል ሃይማኖታዊ ዕላማ ሒዝና ሓቢርና ምእካብና ንኽብሪ ኣምላኽን ንረብሓ ነፍስናን ደቅናን ምዃኑ ብልቦና ከነስተውዕሎ ይግባእ። እምበኣርከስ ኣብዚ ሎሚ ዘመን ካብ 22 ክሳብ 25 ሓምለ 2010 ኣ.ፈ (ካብ ፲፭ ክሳብ ፲፰ ሓምለ ፳፻፪ ዓ.ም ግእዝ) ንኣርባዕተ መዓልታት ብተኸታታሊ ኣብ ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን ኒው ዮርክ ክካይድ ተመዲቡ ዘሎ ጉባኤ፡ ኩሉኹም ግዱሳት ህዝበ ክርስቲያን ናይ ስራሕ ዕረፍትኹምን ናይ መገሻ መደባትኩምን ናብታ ውርይቲ ከተማ ኒው-ዮርክ ክኸውን ብመንፈሳዊ ኣኽብሮት ዕድመና ነቕርብ። ብተወሳኺ ድማ ናይ ታቦትና ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን ኒው-ዮርክ ክብረ በዓል ምስዚ ዓመታዊ ጉባኤ ተወሃሂዱ ክበዓል ስለዝኾነ፡ እግዚኣብሔር ብኹሉ ክረድኣና ብዛዕባ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና፡ ምእንቲ ህዝብናን፡ ሃገርናን ኩሉ ዓለምን ብጸሎተ-ቅዳሴን ምህለላን ሓቢርና ክንልምን ምስ ስድራ ቤትኩም ተሳተፍቲ ክትኮኑ ብኣኽብሮት ደጊምና ንዕድም። ኣምላኽ ሰማይ ከቕንዓልና እዩ እሞ፡ ንሕና ባሮቱ ተንሢእና ኽንዓዪ ኢና! ኣዳላዊት ኮሚቴ ምስ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን ኒው-ዮርክ

### ሳልሳይ ዓመታዊ ጉባኤ መንእሰያት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ምብራቓዊን ምዕራባውን ዞባ ሰሜን ኣሜርካ ንምክያድ ምቕርራባት ይግበር ኣሎ።



ብቁዓት ተተካእትን ቅኑዓት ዜጋታትን ንምፍራይ ዝዓለመ ሎሚ ንሳልሳይ ዓመት ንምክያዱ ኣብ ምሽብሻብ ዝርከብ ጉባኤ መንእሰያት ኣብ ኃይማኖታዊ፡ ስነ-ጥዕና፡ ማሕበራዊ፡ ኣካዳምያውን ሞያውን ዓውድታት ዘድሃበ ኣብ ውሽጢ ዩኒቨርሲታት ካብ 3-5 መዓልትታት ዝወስድ ትምህርትታት፡ ብውሉደ ክህነት እንዳተመርሐ ምሁራት ኤርትራውያን ዝሳተፍዎ መደብ እዩ። ውጽኢቱ ንኹሉ ሸነኽ ዘሐጉስ እንዳኾነ ስለዝመጸ ብዙሓት ምእመናን ብፍላይ ወለዲ ኣብ ምዕዋትዚ መደብ ኩሉ ዓይነት ወፈያታት ይገብሩ ኣሎዉ። ኪትሳተፉ እትደልዩ መንእሰያትን ወለድን ብመገዲ መርበብ ሓበሬታ ሃገረ ስበከት ኪትረኽቡና ከም እትኽእሉን ዝርዝር ሓበሪታ ኪስዕብ ምዃኑን ንሕብር።

# ዓምዲ ኣንበብቲ

### ትንሣኤ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን

ብቀሲስ ዮናስ ወልደሩፋኤል

ኡጋንዳ፡ ኣፍሪቃ።

ሾመንተ ዓመትን ኣርባዕተ ወርሕን፡ በብወርሒ እንተፈቐድናዮ 100 ኣዋርሕ ማለት እዩ። ጋዜጣ ፍኖተ ብርህን 100 ግዜ ክትሕተም ዝነበራ 100 ግዜ ቦኺራ። ቦኺራ ግን ኣይተረፈትን፡ ክብሪ ነቲ ንምዉት ዘተንስእ ልዑል ኣምላኽ እግዚኣብሔር። ጥሪ 2010 ትንሳኤ ፍኖተ ብርሃን ተበሲርና ኣሎና።

ብርዒ ድያቆን ተኽለማርያም ኣይጎደመትን። ዝተንስኣት ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን መኣዛ ቀደማ ኣይሓደገትን። ሽታ ፍኖተ ብርሃን ኣይተለወጠን። እዛ ሓዳስውን ከምቲ ናይ ቀደም "ፍኖተ ብርሃን፡ ፍኖተ ብርሃን" እያ ትሸትት ዘላ።

ሓያል ብርዒ "ደቂቀ እንጦንዮስ" ተቐልቂላ፡ ወሓዚት ብርዒ ድያቆን ህብቱ ኣኸቲላ ዶ ኪብል ኣማእኪላ? ጽቡቕ ምጅማር እንቋዕ ሓጎሰና።

ሓጎስና ምሉእ ምእንቲ ኪኸውን ግን ኣንቢበ ምስ ወዳእኩ ዝሓደረኒ ጦብላሕታ ኪነግር።

"ብውርደት ይዝራእ፡ ብኽብሪ ይትንስእ" 1 ቆረ 15፡43። ትንሳኤ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን፡ ናይ ክብሪ ትንሳኤ ኪኸውን ተምንየ።ትንሳኤ ናቱ ዝኾነ ባህርይ ኣለዎ። ሓላፊ ዘይኮነ ዘይሓልፍ እዩ። ናይ ውርደት ዘይኮነ ናይ ክብሪ፡ ናይ ድኻም ዘይኮነ ናይ ሓይሊ፡ ናይ ነፍሲ ዘይኮነ (ስምዒታዊ ዘይኮነ) ናይ መንፈስ እዩ።

ቀዳማይ ዕላማ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን "ፍኖተብርሃን" ኪኸውን። ማለት ቀዳማይ ዕላማ ፍኖተ ብርሃን፡ ንቀዳማይ ዕላማን ተልእኾን ቤተክርስትያን ዘቃልሕ ክኸውን ብሂገ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንቤተክርስትያን ዝሃባ ቀዳማይ ሕድሪ "...ኪዱ ...ብስም ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጥመቕኩም፡ ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም። ...ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኪሕልዉ ምሃርዎም...." ማቴ 28፡19-20። ዝብል እዩ። ፍኖተ ብርሃን እዚ እዩ።

ፍኖተ ብርሃን ንሰብ ሓዳር፡ ንመንእሰያት፡ ንደቂ ኣንስትዮ፡ ፍኖተ ብርሃን ኪትከውን ደልየ። ኣዳለውቲ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን፡ ነዚ ክቡር ሓሳብ ኪትሓስቡ ኣምላኽ ዘተንስኣኩም፡ ነዚ ዝብሎ ዘሎኹ ከምእተስተውዕልዎ ጥርጥር የብለይን። ስለዚ ድማ በዚ ኮይኑ ዘሎ ንኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ እብል። ደጊመ ጽቡቕ ምጅማር፡ ሰናይ ጉዕዞ እምነ።

### ጥዑም ዜና ኣስሚዕኩምና!

ብምክኤል ሃ.

ዝኸበርኩም ኣዳለውቲ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን: ዝሓለፈ ሰሙን ‘’ዓብይ ብሥራት’’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተዋህዶ ኣዝዩ ዘሕጉስን ባህ ዘብልን ጥዑም ዜና ኣስሚዕኩሙና። ንሱ ከኣ ነታ ዓቢ ስምን ጽቡቕ ታሪኽን ዘለዋ ልሳን ተዋህዶ ዝነበረት ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ዳግማይ ክትጅምርን ክትበራበርን ምዃና ኣበሲርኩሙና። እዚ ንኣመንቲ ተዋህዶ ተስፋ ዘስንቕን መንፈሳዊ ረብሓ ዘለዎን ሰፊሕ ኣገልግሎት ስብከተ-ወንጌል ብምዃኑ፡ ነዚ ክትገብሩ ልብኹም ዘነቓቕሐን ሓሳብኩም ዘሥመረን እግዚኣብሔር ስብሓት ይኹኖ!። ኣብ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ተዋህዶ፡ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን፥ ኣዳራሽ ፍኖተ ብርሃን፡ ማሕበር መንእሰይ ፍኖተ ብርሃን... ዝብሉ ኣስማት ክዝከርን ክልዓልን ከሎ ነዊሕ ዓመታት ንድሕሪት ተመሊስካ፡ ብዛዕባ ሽዑ ዝነበረ ኦርቶዶክሳዊ ምንቅቓሕ፡ መንፈሳዊ ተዋስኦታትን ሓዋርያዊ ስብከታትን እናዘከርካ ምስቲ ሕጂ ቤተ ክርስትያንና ዘላቶ ከቢድ ፈተና ኣነጻጺርካ ወይ ጸገም ‘’ጥዑም እምበር ጥዑም ከይበልናዮ ሓሊፉ’’ እናበልካ ዝያዳ ጸሎት ዘድልዮ ፈታኒ እዋን ከም ዝበጻሕና ይስወጠካ እሞ ‘’ኦ ጎይታ ከም ምሕረትካ እምበር ከም ኣበሳና ኣይኹን!’’ ኢልካ ክትጽሊ ድማ ይግድደካ። ምኽንያቱ ቤተ ክርስቲያን ተዋህዶ ብኣቶ ትምርሓሉ ዘስደምም እዋን ስለ ዝበጻሕና።

ከምቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቂ-መዛሙርቱ ‘’ነዚ ንስኻትኩም እትርእይዎ ዘሎኹም ብዙሓት ነቢያትን ነገሥታትን ኪርእይዎ ደለዩ ግናኸ ኣይረኣዩን፡ ነዚ ንስኻትኩም ትሰምዕዎ ዘሎኹም ኪሰምዑ ደለዩ ግናኸ ኣይሰምዑን፡ ናታትኩም ግና ዚርእያ ዘለዋ ኣዕይንትኹም፥ ዚሰምዓ ዘለዋ ኣእዛንኩም ብፁዓት እየን’’ ከም ዝበሎም፡ ንሕና ኣመንቲ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ድማ ሎሚ ምስታ እንፈትዋ ወግዓዊት ልሳንና ዝኾነት ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ዳግማይ ክንራኸብ ብሃረርታ ንጽበዮ ስለዝኾነ፡ ብሓቂ ጥዑም ዜናን ሠናይ ብሥራትን ኣስሚዕኩምና። ኣብ ኩሉ ዕዮኹም ኣምላኽ ክድግፈኩም ከኣ ጸሎትና ኢዩ። ከምቲ ኣብ ዘመን ኦሪት ካህን ኤሊን ደቁን ነቲ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ገዲፎም ኣብ ሕማቕ ሥራሕ ምስ ተዋፈሩ ‘’ኣነስ ነቶም ዘኽብሩኒ የኽብሮም፡ ነቶም ዝንዕቁኒ ከኣ የሕስሮም’’(1 ሳሙ 2፡30) ኢሉ እግዚኣብሔር እሙን ካህን ነቢይ ሳሙኤል ዘተንሥአ፡ ንዓና ድማ ርህሩህ ኣምላኽ እሙናት ጓሶት ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ስደት ዘተንሥኣልና ጊዜ ከም ዝበጽሐ ዝሕብር እዩ። ስለዚ ነቲ ኣበጊስኩሞ ዘሎኹም ሓዋርያዊ ዕላማ ማለት ምዝርጋሕ ቃል እግዚኣብሔር ዝያዳ ክትብርትዑ ተስፋ እናገበርኩ፡ ሠናይ ምጅማር ንጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን እብል!!

# ማሕበራዊ ህይወት

## ጠንቂ ምብትታን ስድራቤታት ኣብ ስደት

ብተስፉ ተኽለ

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ኣብ መነባብሮ ደቂ ሰባት ብፍላይ ኣብ ስደት ዘሎ ህዝብና ካብቶም ብማሕበራዊ ጸገማት ዝጥቀሱ እቲ ቀንዲ ምብትታን ስድራ-ቤታት ኢዩ። ናይዚ ጠንቂ ብዙሕ'ኳ እንተኾነ፣ እቶም ቀንዲ ረቛሒታት ግን ኣብ ሰለስተ ብምጥቕላል ክገልጾም ክፍትን ኢየ። 1. እቲ ዝፍጸም ቃል ኪዳን ንኣምላኽ ብቀዳምነት ዘይሰርዕ፣ ልባዊ ፍቕሪ ዘይብሉ፣ ኣብ ግዝያዊ ጠቕሚ ስለ ዝምስረት። 2. ካብ ሰብኣይን ሰበይትን ዝርከብ ንዋታዊ እቶትን ምሕደራኡን ብምትእምማንን ሓድሕዳዊ ምርድዳእን ስለ ዘይትግበር። 3. ካብቶም ሰብ ቃል-ኪዳን ዝተወልዱ ቆልዑ ካብ ሕጻንነቶም ጀሚሮም ብናይ ወለዲ ሓድሕዳዊ ምርድዳእ ብስነ-ስርዓትን ብሞራልን ስለ ዘይኩስኮሱን ነታ መንፈሳዊ መግቢ እትምግብ ቤ/ክርስትያን ከይፈለጡ፣ ብናይ ኣከባቢ ጽልዋ ብዘማዕብልዎ ነብሰ-ፍትወት ረብሓኦም ንምቕዳም ናይ ኣደ ወይ ኣቦ ወገን ብምሓዝ ወለዲ ብዘይረዳድኡሉ ጉዳያት፡ ኣብ ክንዲ ኣወንታዊ ተራ ዘበርኩቱ ብኣንጻሩ ነቲ ኩነታት ስለዝምዝምዝዎ።

ክቡራት ህዝበ-ክርስትያን፣ ቅድሚ'ቲ ጠንቅን ሳዕቤናትን ናይቲ ኣብታ ስድራ ቤት ዝወርድ ምብትታን፣እቲ መሰረት ናይ ሓንቲ ስድራ-ቤት ዝኾነ "**ቃል ኪዳን**" እንታይ ኢዩ? መዓስን ብመንን ተጀሚሩ? ቀጺልና ንከታተል። ኣምላኽ "ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንፍጠር" ብማለት ብመልክዑ ንኣቦና ኣዳምን ንኣዴና ሄዋንን ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም" ኣምላኽ ከኣ "ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኹዋን ኢሉ ባረኾም" ኦሪት ዘፍጥረት/1፡26-28። እምበኣር ቃል ኪዳን ዝተጀመረ ብኣዳምን ሄዋንን ኮይኑ፣ንቃል ኪዳኖም ብባርኾቱ ዝፈጸመሎም እግዚኣብሔር ኣምላኽ ምዃኑ ክበርሃልና ይኽእል። ስለዚ ኣቦና ኣዳም ብጸይቲ እትኾኖ ሰበይቲ ብምርካቡ ካብ ኣምላኽ ሞገስ ረኺቡ'ዩ።ምሳሌ/18፡22። ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ቅዱስ ቃል ኪዳን እምበኣር ፍልይ ዝበለ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ዝፍጸም ዘሎ መውስቦ ስማዊ ቃል ኪዳን ኮይኑ፣ ዝበዝሑ መንእሰያት መውስቦኦም ኣብ ግዝያዊ ጠቕሚ እምበር ኣብ ልባዊ ፍቕሪ ዘይተመስረተ፣ ንኣምላኽ ብቀዳምነት ዘይሰርዕ፣ ማለት ነቲ "ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰበይቱ ሓደ ይኸውን። ክልቲኦም ከኣ ሓደ ኣካል ይኹኑ "ኤፌ/5፡31 ዝብል ምስጢር (ካብቶም ሸውዓተ ሚስጥራተ ቤተክርስትያን ሓደ፡ ምስጢረ ተክሊል) ብዘይምፍላጥን ብዘይምርዳእን ስለ ዝፍጸም፣ ልክዕ ከም ሓንቲ ድልዱል መሰረት ዘይብላ፣ ኣብ ሑጻ ዝተሰረተት ቤት ቀልጢፉ ይፈርስ። ካብ መጀምርታ ነቲ መሰረት ደቂ ሰባት ዝኾነ ቃል ኪዳን ዘእሰረ ኣምላኽ ምዃኑ፣ ቃል ኪዳን ኣምላኻዊ ቅዱስ ትእዛዝ፡ ብቀሊሉ ክጠሓስን ክፈርስን ከም ዘይብሉ ቅድሚ ብመውስቦ ምትእስሳሮም መሰረታዊ ፍልጠት እንተዝነብሮም እቲ ኩሉ ሕማቕ ሳዕቤናት ኣብታ ስድራ-ቤት ኣይምወረደን ነይሩ። ፍትሕ ብእግዚኣብሔር ዝተጻልኤ ምዃኑ፣ኣምላኽ ብቃላቱ ከምዚ ይብል"ምፍታሕ እጸልእ ኢየ።እወ፡ ኣብ ልዕሊ ሰበይቲ ኪዳኑ ከምዚ ዝበለ ዓመጽ ንዜምጽእ ሰብ እጸልኦ ኢየ።ስለዚ ንበዓልቲ ቃል ኪዳንኩም ከይትጠልምዋ ገዛእ ርእስኹም ሓልዉ" ይብል እግዚኣብሔር ኣምላኽ።" ሚልክያስ 2፡16።

ከም ካልኣይ መረዳእታ ዝቐርብ፣ ፈሪሳውያን ንኢየሱስ ኪፍትንዎ ኢሎም "ሰብኣይሲ ንሰበይቱ ብዝኾነ ምኽንያት ኪፈትሓዶ ይኽእል ኢዩ? ኢሎም ምስ ሓተትዎ፣ ብጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዋህቦም መልሲ "እቲ ካብ መጀመርታ ዝፈጠረ ሰብኣይን ሰበይትን ገይሩ ፈጠሮም፣ስለዚ ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰበይቱ ይወሃድ፣ ክልቲኦም ድማ ሓደ ኣካል ይኾኑ፡ ደጊም ሓደ ኣካል ኢዮም እምበር ክልተ ኣይኮኑን። እምበኣር ነቲ ኣምላኽ ሓደ ዝገበሮ ሰብ ኣይፍለዮ" ማቴ/19፡4-6። ከምቲ ኣበው ዝብልዎ "ኃይማኖት ዘይብሉ ሰብን፡ ልጓም ዘይብሉ ፈረስን ሓደ እዩ" እምበኣር ቃል ኪዳን መእሰሪኡ እምነት ፈጣሪ እዩ። ከምቲ ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቲ ተባሂሉ ዘሎ፡ ክርስቶስ ከኣ ርእሲ ሰብኣይ ወይ ርእሲ ብምልእታ ቤተሰብ እንተዘይኮኑ ሓዳር ምሉእ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። እምነት መሰረት ድልዱል ሓዳር ምኻኑ ዘረድኣና ብዙሕ እዩ ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡ ከም ዝፍለጥ ህይወት ደቂ ሰባት ብነብሲ፡ ብስጋን መንፈስን ዝቖመት ኢያ። መንፈስን ስጋን ክልቲኤን ግን ኣብ ነንሓድሕደን ተጻረርቲ ኢየን። ስጋ ቀይዲ ዘይብሉ ምስዝኸውን ዝምነዮ (<u>ግብሪ ስጋ</u>) "ምንዝርና፣ ርኽሰት፣ ዝርጋን፣ ኣምልኾ ጣኦት፣ ጥንቆላ፣ ጽልኢ፣ ባእሲ፣ ቅንኢ፣ ቁጥዓ፣ ገዛእ ርእስኻ ምፍታው"ክኸውን ከሎ ገላ/5፡19-20። ድልየትን ሃረርታን ምንፈስ "**<u>ፍረ መንፈስ ቅዱስ</u>**" ግና ፍቕሪ፣ ሓጎስ፣ ሰላም፣ ትዕግስቲ፣ ልግሲ፣ ሕያውነት፣ እሙን ምዃን፣ ለውሃት፣ ርእስኻ ምግታእ" ኢዩ።ገላ/5፡22-23። ስለዚ እዞም ብቃል ኪዳን ተኣሳሲሮም ናብራኦም ኣብ ምምራሕ ዝርከቡ ሰብኣይን ሰበይትን ናይታ ኣካል ህይወቶም ዝኾነት <u>ስጋ</u> ጥራይ ግዙኣት ብምዃን ኣብ ስስዕቲ፣ ኣብ ንዓይ ይጥዓመኒ፣ ንብሕተይ ክውንን ብዝብል፣ መንፈስ ቅዱስ ብዝረሓቐ እከይ ኣተሓሳስባ ስለ ዝምርሑ፣ ኣብ መንጎ እቶም መጻምዲ ዘይምርድዳእ፣ ኩራ፣ ሓርቖት፣ እንጽርጽሮት፣ ምትንኻል፣ ምቅንናእ እንተ ዘይኮይኑ፣ ካልእ ቅዱስ ተግባራት ከም ምትሕልላይ፣ ስጋይ-ስጋኻ ብምብህሃል ሰላምን ቅሳነትን ዘለዎ መንፈሳዊ ህይወት ከሕልፉ ኣይክእሉን ኢዮም። እዚ ቅሳነት ዘይብሉ ናብራ'ዚ ኣብቶም ሰብኣይን ሰበይትን ጥራይ ክውሰን ኣይክእልን'ዩ። ምኽንያቱ እዞም ወለዲ'ዚኦም ንደቆም ብመግቢ **ስጋ** ጥራይ ማለት ጸባ፣ እንጌራ ወዘተ ብምምጋብ፣ ነታ ን**ነብሲ** ብቃለ እግዚኣብሔር መንፈሳዊ መግቢ እትምግብ ቤተ ክርስትያን ስለ ዘየፍለጥዎምን ጥጡሕ መሰረት ስለ ዘይተገብረሎምን፣ እቶም ሕጻናት ዓቕመ-ኣዳም በጺሖም ንመርዓ ኣብ ዝዳለዉሉ ግዜ ኣብ ክንዲ ኣብ መንጎኦም ንኣምላኽ ብቀዳምነት ዘሰርዑ፣ ስጋዊ ረብሓኦም ብምቕዳም ኣብ ግዝያዊ ጠቕሚ ጥራይ ስለ ዝስርቱ እታ ስድራ-ቤት ኣብ ሕንፍሽፍሽ ትወድቕ።

ኣብ መእተዊ ጽሑፈይ ከም ጠንቂ ስድራ-ቤታዊ ቅልውላው ዝጠቐስኩዋ፣ ካልኣይቲ ረቛሒት፣ ብዛዕባ ካብቶም ሰብኣይን ሰበይትን ዝርከብ **ንዋታዊ እቶትን ምሕደራኡን** ዝምልከት ኢዩ። ኩሉ ሰብ ከም ዝርድኦ ኣብዚ ዘለናዮ ናይ ስደት ሃገር ሰብኣይን ሰበይትን ክከም ዓቕሞም ሓርኮትኮት ኢሎም ዕለታዊ መግቦም ማእሪሮም ኢዮም ዝኣትዉ። ይኹን እምበር እታ ቤት ኣዛዝን ተኣዛዝን ዘይፍለጠላ፣ **ማዕርነት** እትብል ቃል ትኽክለኛ ትርጉማ ዝሰሓተት፣ ማለት መንፈስ ናይ ምክብባርን ምትሕልላይን ዝረሓቓ፣ ኣንነትን ምትህልላኽን ዝሰፈና ቤት እንተድኣ ኮይና፣ ኣብታ ስድራ-ቤት እንታይ ዓይነት ምሕደራ ክህሉ ትጽቢት ይግበር? እቲ ዝግበር ትጽቢት እምበኣር ልክዕ ከም ሓደ ኣላይ ወሰን ወይ ቀላሲ ብዕራይ ዘይብላ ዓውዲ ወይ ብቕዓት ብዘይብሉ ልሙስ ኣቦ መንበር እትምራሕ ጉባኤ፣ ዝርግርግ ካብ ምባል ሓሊፉ እተፍርዮ ፍረ ወይ ውጽኢት የልቦን። ኣብዚ **ማዕርነት** ዝብል ገለጻ፣ ኣብ ሰብኣይን ሰበይትን ማዕርነት ክህሉ የብሉን ማለተይ ዘይኮነ፣ እቲ ክህሉ ዘለዎ ማዕርነት ክልቴኻ እትዓግበሉ ብናይ ሓድሕዳዊ ምርድዳእ፣ ብምክብባር ብምትሕልላይ፣ስጋይ-ስጋኻ ብምብህሃል ክኸውን ኣለዎ። ቀዳሞት ወለድና እታ ዝረኸብዋ እቶት ብንጹህ ልቢ ንበዓልቲ ቃል ኪዳኖም የፍልጡዋ ስለ ዝነበሩ ብናይ ሓባራዊ ምርድዳእ ቃል ኪዳኖም ኣጽኒዖም ሰላማዊ ናብርኦም ይመርሑ ከም ዝነበሩ እቶም ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ ወለዲ ህያው ምስክር ኢዮም። ሎሚ ኣብ ስደት ዘለዉ ሰብኣይን ሰበይትን ግን መብዝሕቶኦም ብክፉት ልቢ ግሉጻት ኮይኖም ናይ ነንሓድሕዶም እቶት ዝገላለጹ ውሑዳት ኢዮም። ኣብ ኣታዊኦም ስለ ዘይተኣማመኑ ከኣ ወርሓዊ ዕዳኦም ኣብ ምኽፋል ክረዳድኡ ኣይክእሉን ኢዮም። ሓባራዊ ምርድዳእ ብዘይምህላዉ እምበኣር ቀጺሉ ዝስዕብ ኩራ፣ ሓርቖት፣ እንጽርጽሮት፣ ቆዮቛን ኢዩ። "ምጅማር ቆየቛ መንደቑ ከም ዝጠሓሰ ቀላይ ኢዩ፣ ስለዚ ናብ ምሕርቃም ስኒ ከይበጽሐ ካብ ቆየቛ ርሓቕ።ምሳ/17፡14። እምበኣር ቆየቛ ከይተጀመረ እንተ ዘይኣርሒቕካዮ፣ ምስ ተጀመረ፣ ሳቤናቱ ልክዕ ከም መዕገቲ ዘይብሉ ጋሻ ውሕጅ ምዃኑ ክንሓስበሉ ይግባእ።

ኣብዚ ክንርደኦ ዝግበኣና እዞም መጻምዲ'ዚኦም ኣብ ንሓድሕዶም ግሉጽነት ብዘይምህላዉ ንዝስወጦ ሰብ ክሳብ ክንደይ ናይ ኣእምሮ ቅሳነት ዝኸልእን ናይ ሕሊና ወቐሳ ዘስዕብን ምዃኑ ክንርዳእ ንኽእል። ኣብዚ ኩሉ ዘይምርድዳእን ሕንፍሽፍሽን ምብትታንን ዘብጽሕ ዘሎ እምበኣር እቲ ምስ ኣምላኽ ከተዓርቐና ዝኸእል ማለት ሰላም፣ ፍቕሪ፣ ምርግጋእ፣ ምትሕልላይ፣ ምልውዋህ ዘምጽኣልና **መንፈስ ቅዱስ** ብዓለማዊ ስስዕቲ ማለት ድሌት ስጋና ጥራይ ንምርዋይ ብእንገብሮም ዘይቅዱስ ተግባራት ተጸቒጡ ስለዘሎ ኢዩ። ተጸቒጡ ጥራይ ግን ስቕ ኣይብልን ኢዩ። ምኽንያቱ ሓደ ዘይቅዱስ ተግባር ክንገብር ከሎና፣ እቲ ድጉል ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ጌጋ ትገብር ኣሎኻ ኣይትግበራ ኢሉ ሕሹኽ ይብለና ኢዩ። ካብ ኣምላኽ ርሒቕና ስለ ዘሎና ግን እቲ ዓብላሊ ግደ ዝጻወት ዘሎ ስጋና ስለ ዝኾነ ነቲ ሕሹኽታ ናይ መንፈስ ቅዱስ፣ ሕሊናና እናወቐሰና ሸለል ኢልናዮ ንሓልፍ። ነዚ ድኣ'ሞ መፍትሒኡ እንታይ ኢዩ? ነዚ ግዝያዊ ዘይኮነ ነባሪ ፍታሕ ኢዩ ዘድልዮ። ነባሪ ፍታሕ ከምጽኣልና ዝኽእል ከኣ መንፈስና ንምብርባርን ንምብርታዕን ኣዘውቲርና መጽሓፍ ቅዱስ ብምንባብ ፍልጠትና ከንማዕብል ኣሎና። ከምኡ'ውን ኣብያተ ክርስትያናት ተረኺብን ሓላፍነተንን ተረዲኤን ንውሕስነት ኣመንተን ብፍላይ ከኣ ንሰበ-ቃል ኪዳን ከም ዋልታ ኮይኑ ካብ ዝኾነ ጸላእየ ሰናያት ዝከላኸለሎምን ምርግጋእ ዝህቦምን ካብ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ብኣቦታት ካህናት ንዝወሃብ ኣስተምህሮታት ብግቡእ ምክትታል። ብጾምን ጸሎትን ብምሉእ ልብና ናብ ኣምላኽና እንተድኣ ቀሪብና፣ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ "ኣቱም ኩልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን ናባይ ንዑ፣ ኣነ ከኣ ከዕርፈኩም ኢየ" ኢሉና'ዩ።ማቴ/11፡28"። እዛ ካብ ክርስቶስ እትድለ ዕረፍቲ ክትርከብ እትኽእል ግን ክልቲኦም መጻምዲ ብተገዳስነት ብሓባር ምስ ዝጽዕቱላ ኢዩ። ምኽንያቱ ሓንቲ ኢድ ንበይና ከተጣቕዕ ኣይትኽእልን ኢያ። ስለዚ ከምቲ ሓዋርያ ጴጥሮስ ኣብ መልእኽቱ "ኣትን ኣንስቲ! ንሰብኡትክን ተኣዘዛኦም።ገለ ነቲ ቃል ኣምላኽ ዘይኣምኑ ሰብኡት እንተ ኣለዉ ድማ፣ከም እተኽብራኦምን ብንጽሕና ከም እትነብራን ምስ ረኣዩ፣ብዘረባ ዘይኮነ ብህይወት ኣንስቶም ኪምለሱ ኢዮም። መልክዕክን ግዳማዊ ብዝኾነ ማለት ብስራሓት ጸጉሪ-ርእስን ወርቂ ብምእሳርን ብክቡር ክዳውንትን ኣይኹን።መልክዕክንሲ እቲ ኣብ ልቢ ወዲ ሰብ ዘሎ ለዋህን ህዱእን ዝኾነ መንፈስ ይኹን። እዚ መንፈስ'ዚ ዘይበርስ፣ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ክቡር ኢዩ"1ይ.ጴጥ/3፡1-4። "ኣቱም ሰብኡት፣ምስ ኣንስትኹም ብምስትውዓል ንበሩ፣ነቲ ጸጋ ህይወት መዋርስትኹም ኢየን እሞ ኣኽብርወን።ሸዑ ጸሎትኩም ኣይኪዕገትን ኢዩ" 1ይ ጴጥ/3፡7።

እምበኣር ናይ ስጋና ግዙኣት ብምዃን ኣብ ስድራና ጠንቂ ናይ ሕንፍሽፍሽን ምብትታንን ምዃና ጥራይ ከይኣክል፣ ኣብቶም ሰብኣይን ሰበይትን ዝረኤ ኩራ፣ ቁጠዐ፣ ቆየቛ፣ ጸርፊ ብጸርፊ ግብረ-መልሲን ባእስን እቶም ካብ ክልተ ወለዲ ዝተሃንጹ ዕሸላት፣ ወለዶም ብዘይግምትዎ፡ ናይቲ ዝግበር ድራማ ትዕዝብቲ ኣብ ኣእምሮኦም ተቐሪጹ ይዓቢ ስለ ዘሎ እቲ ሕንፍሽፍሽ ኣብ ወለዲ ጥራይ ተወሲኑ ኣይተርርፍን ኢዩ። **ምኽንያቱ "ሰላም ካብ ዘለዋ ስድራ-ቤት ዝዕንብብ ፍቕሪ ጥራይ ኢዩ፣ ኣብ ህይወት እቶም ሕጻናት ዝዝራእን ዝበቁልን"**። ስለዚ ስርናይ ዝዘርኤ ስርናይ ኢዩ ዝዓጽድ፣ ክርዳድ ዝዘርኤ ከኣ ክርዳድ ስለዝዓጽድ፣ ኣብቶም ዕሸላት ደቅኹም ዝስዕብ ኣዕናዊ ጽልዋ ኣውረስቲ ክርዳድ ከይትኾኑ ምስትብሃልን ምጥንቃቕን የድሊ። ከምዚ ዘበለኒ ምኽንያት ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ምፍሕፋሕ ብዝተፋላለዩ ምኽንያታት ናብ ዝለዓለ ደረጃ እናማዕበለ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ሓደ ካብቶም ወለዲ መብዝሕትኡ ኣብ ስደት ዘለዋ ውሑዳት ኣደታት ዝጥቀማሉ ሕሱር ሜላ ኣሎ። ንሱ ከኣ ነቶም ካብ ክልቲኦም ኣብራኽ ዝተሃንጹ ቆልዑ ዝኾነን ዘይኮነን ናይ ሰብኣያ ድኽመታት ብምግላጽን በብግዚኡ ሓንጎሎም ብምሕጻብን ኣብ ኣቦኦም ጽልኢ ከም ዘሕድሩ ብምግባር ናብቲ ንሳ እትደልዮ ከተማእዝኖም እተካይዶ ጻዕሪ ውሑድ ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ምፍሕፋሕ ካብ ሰብኣይን ሰበይትን ሓሊፉ ኣብ መንጎ ኣቦን ወዱን ወይ ኣቦን ጓሉን ሱር ክሰድድ ይጅምር። ወላዲ ኩሉ ግዜ ጨኪኑ ስለ ዘይጭክን ግን እቲ ኣቦ በቲ ዘጋጠሞ ፈተነ ከይተዓንቀፈ ደቁ ካብ ባህሊ ሃገሩ ከይረሓቑ ብስነ-ስርዓት ተኾስኲሶም ክዓብዩሉ ኣድላዪ ምኽርን መግናሕትን ኣብ ዝህበሉ ግዜ ወ/ሮ እመቤት ንደቃ ዝሓለየት ከተምስል ነቲ ብሰብኣያ ዝቐርብ ሃናጺ ማዕዳን ተግሳጽን ብምቅዋም፣ ኣሜሪካ እኮ'ዩ ግደፎም ነጻ ኮይኖም ይዕበዩ ብማለት ነቶም ውላድ ሃሳይን ኣዕናዊን ዝኾነ ተቓውሞኣ ተቕርብ። ካብዚ ንደሓር ቆልዑ ካብ ኣዲኦም ፍናንን መጠነኛ ናይ ጁባ ገንዘብን ስለ ዝረኽቡ፣ ኣቦኦም ከም ዘይሓልየሎም ብምቑጻር፣ ካብ ናይ ኣቦኦም ቁጽጽር ወጻኢን ቀይዲ በተኽን ብምዃን፡ ካብ ትምህርቶም የቋርጹ፣ እቲ ወዲ ኣብ ዘይተደልየ ወልፊ ሓሺሽን ድራግን ስኽራንን ወዲቑ ዘርምዘርሞ ይተርፍ። እታ ጓል እውን ከምኡ ካብ ገዛኣ ወጺኣ ፋሉል ብምኻድ ኣብ ዘይተደልየ ምንዝርና ብምውዳቕ ገለ ኣዋልድ ካብ ወዲ ሃገረን'ኳ ከይከውን ገለ ካብ እስፓኒሽ ገለ'ውን ካብ ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ወሊደን ኣብ ምዕባይ ብወሰን ዝተወልዱ ቆልዑ ተራማሚሰን ዝተርፉ ውሑዳት ስለ ዘይኮና ካብዚ ይሰውረና ዘብል ኢዩ።

ዝኸበርኩም ህዝበ-ክርስትያን ሕጂ'ውን እቶም ስርናይ ዘሪእኩም ዘለኹም ካብዚ ዝተገልጸ ኣዕናዊ ሳዕቤናት ናይ ሓንቲ ኣብ ሕንፍሽፍሽ ዝወደቐት ስድራ-ቤት ንምድሓን፣ ከምቲ ሓዋርያ ጴጥሮስ ዝበሎ "ደጊም እቲ ብዕብዳን፣ብፍትወት ስጋ፣ብስኽራን፣ብጓይላ፣ ዓቕን ብዘይብሉ መስተ፣ብዘጸይፍ ኣምልኾ ጣኦት ክትነብሩ ከለኹም ከምቲ ኣህዛብ (ዘይኣመንቲ) ዝደልዩዎ እናገበርኩም ዘሕለፍክምዎ ዘመን ይኣክል" 1ይ ጴጥ/4፡3 ኣንቱም ሰብ ቃለ-ኪዳን እውን "ፍቕሪ ብዙሕ ሓጢኣት ትኸድን ኢያ እሞ ቅድሚ ኹሉ ንሓድሕድኩም ብምሉእ ልቢ ተፋቐሩ"1ይ ጴጥ/4፡8 ምኽንያቱ "ካብ ዓብይ ምሳሕ ምስ ቆየቛስ፣ንቕጽቲ ቁራስ ምስ ህድኣት ትበልጽ"ምሳ/15፡1።

ኣብ መደምደምታ ጽሑፈይ ንኣደታት ክላበዎ ዝደሊ፣ገለ ኣደታት ጠንቂ ናይቲ ኣብታ ስድራ-ቤት ዝወርድ ሕንፍሽፍሽን ምብትታንን፣ ውድቀት ናይ ደቀንን ዝኾና ከም ዘለዋ ካብ ትዕዝብተይ ዝተገንዘብኩዎ ክኸውን ከሎ፣ ንኹለን ኣደታት ዘጠቓልለ ወቐሳ ከም ዘይኮነ ግን ክትርዳኣለይ እላቦ። ምኽንያቱ ብዙሓት ወራዙት ኣደታት፣ ቃል ኪዳነን ኣጽኒዐን፣ በዓል ቤተን ኣኽቢረን ደቀን ብስነ-ስርዓትን፣ ብሞራልን ብትምህርቶም ኮስኲሰን ዘዕብያ፣ምስ በዓል ቤተን ብልዙብ ሓድሕዳዊ ምርድዳእ፣ብሰላም፣ ብፍቕርን ብምትሕልላይን መንፈሳዊ ህይወት ዘለዎ ናብራ ዘሕልፋ፣መሪሕን መብራህትን ናይታ ስድራ-ቤት ኮይነን ከም ኣብነት ዝጥቀሳ ውሑዳት ኣይኮናን። እምበኣር "ለባም ሰበይቲ ቤታ ትሃንጽ፣ዓሻ ግና ብገዛእ ኢዳ ተፍርሶ ኢዩ'ሞ "ምሳ/14፡1 ካብተን ቤተን ዝሃንጻ ለባማት ኣንስቲ ክትኮና ኣምላኽ ይሓግዝክን።

# መንፈሳዊ መግቢ

## ኣእዳውካ ኣልዒልካ ምጽላይ!

### ብቀሲስ ሓለፎም ዓንደማርያም

ጸሎት ክንብል ከሎና ሰብ ምስ እግዚኣብሔር ዝራኸበሉ ድልድል እምነትን ምሥጢር ሓድነትን ናይ መንፈሳዊ ሕይወትና ብምዃኑ፥ "ጸውዓኒ እሞ ኽመልሰልካ ዘይትፈልጦ ዓቢይን ሥዉርን ነገር ከኣ ክነግረካ እየ" (ኤር 33፡3) ኣብ ዝብል ጥንታዊ ትንቢት ተመርኪስና፥ ብምዝርራብ፥ ምልማን፥ ምስማዕ፥ ምቕባልን ምምስጋንን ዝግለጽ ሰፊሕ ትርጉም ዘሎ ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር እዩ። ብዛዕባ ጸሎት በብእዋኑ ብዙሓት ጽሑፋትን መብርሂታትን ተዘርጊሖም እኳ እንተኾኑ ደጋጊምካ ምጽሓፍ ከም መዘኻኸሪ ንረብሓና ኣገዳስነት ዘለዎ ኮይኑ ይስምዓና። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስውን ንደቀ-መዛሙርቱ ክምዕዶም ከሎ "እምበኣር ኣብ ፈተና ከይትኣትዉስ ንቑሑን ጸልዩን" እናበለ ኣጠንቀቖም። ማቴ 26፡41። ንሕናውን ካብ ፈተና ሥጋ፡ ፈተና ሰይጣንን ዓለምን ምእንቲ ክንድሕን ከምቲ ሓዋርያት "ጸሎት ኣዘውትሩ፥ ኣብ ጸሎትኩም ከኣ ንቑሓትን ኣመስገንትን ኩኑ" እናበሉ ዝኣዘዙና ንጸሎት ኣእምሮና ንቑሕ ኣእዳውና ዝርጉሕ ክኸውን ይግባእ። ቆላ 4፡2።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ <u>**"ከየቋረጽኩም ጸሎት ኣዘውትሩ!**</u> ከም ዝተባህለ፥ ነፍሲ ወከፍ ክርስቲያን ኣብ መዓልታዊ ሕይወቱ ይንዋሕ ይሕጸር ከከም ዓቕሙ መጠን፡ ናይ ጸሎት ጊዜ ክህልዎ ጺጋ ዘውህብ መንፈሳዊ ሥራሕ ምዃኑ ኩልና ኣይንስሕቶን ኢና። <u>ጸሎት ክንብል ከሎና ከኣ ደው ኢልካ፡ ኮፍ ኢልካ ተንበርኪኽካ፡ ብሕማም ምኽንያት እንተ ኾይኑውን ደቂስካ ንልዑል እግዚኣብሔር ምምስጋንን ምልማንን የጠቓልል</u>። ንኣብነት ነቲ ቆርኔሌዎስ ዝበሃል ሓለቓ ሚእቲ ጸሎት ዝመሃሮ ይኹን እምነት ክርስትና ዝነገሮ ሰብ ወላሓደ ኣይነበረን። እንተኾነ ግና ንኣምላኽ ዝፈርሕን ምጽዋት ዘዘውትርን ቅኑዕ ሰብ ስለ ዝነበረ፡ ሓደ መዓልቲ ክጽሊ ከሎ መልኣኽ ተላኢኹ መጺኡ **"ኦ ቆርኔሌዎስ! ጸሎትካን ምጽዋትካን ናብ ቅድሚ ኣምላኽ ንመዘከርታኻ ዓሪጉ እዩ"** ዝብል መልእኽቲ ኣበሠሮ። ኣብዚ ሓለቓ ሚእቲ ቆርኔሌዎስ ብሠናይ ግብሩን እምነት እግዚኣብሔርን ዓቢይ ጸጋ ከም ዝተቐበለ ታሪኹ ብዝርዝር የብርሃልና። ግሓ 10፡1። ንሎሚ እምበኣር ኣሕጽር ኣቢልና ብዛዕባ ኣእዳውካ ኣልዒልካ ምጽላይ ጥንታዊ ትርጉሙን ጥቕሙን ብዓቕምና ከነብርህ ክንፍትን ኢና።

ኣእዳውካ ኣልዒልካ ምጽላይ ኣብ ዘመነ ብሉይ ኪዳን ዝጀመረ ኮይኑ፥ ኣብ ዘመን ሓዲሽ ኪዳን ዝቐጸለን ገና ሕጂውን ኣብ ዘመንና ዝቕጽል ዘሎን ኣገባብ ሥርዓተ ጸሎት እዩ። ብዘመን ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ ኣእዳው ሙሴ እንተ ረኣና፡ ህዝቢ እስራኤል ብመሪሕነት ኢያሱ ምስ ኣማሌቃውያን ክዋግኡ ከለዉ፡ ሙሴ ድማ ኣብ ርእሲ እቲ እምባ ኮይኑ ተጊሁ ይጽሊ ነበረ። <u>ኣብዚ እቲ ዘገርም ነገር ነቢይ ሙሴ ኣእዳዉ ከልዕል ከሎ እስራኤላውያን ይስዕሩ ነበሩ። ሙሴ ረብሪቡ ኢዱ ከውርድ ከሎ ድማ እቶም ኣማሌቃውያን ይስዕሩ ነበሩ</u>። ኣሮንን ሁርን ከኣ ሓደ ብየማኑ ሓደ ድማ ብጸጋሙ ኮይኖም ንኣእዳው ሙሴ ይድግፉ ነበሩ" ይብለና። ዘፀ 17፡11። ብተወሳኺ ድማ ካህን ኣሮን ኣብ መቕደስ ድንኳን ኣትዩ ከገልግል ከሎ፡ ኣእዳዉ ብምልዓል ይጽልን ነቶም ህዝቢ ይባርኾምን ነይሩ እዩ። ብተወሳኺ ኣቦና ዳዊትውን ሓደ እዋን ክጽሊ ከሎ "ነእዳወይ ናብ ቅድስተ ቅዱሳን ኣልዒለ፥ ናባኻ ኽምህለል ከሎኹ ስምዓኒ" ኢሉ ለመነ። መዝ 28፡2። እቲ ጥበበኛ ንጉሥ ሰሎሞን ከኣ ቤት መቕደስ ኣምላኽ ሰሪሑ ምስ ወድአ "ኣብ ቅድሚ ኵሎም ደቂ እስራኤል ኣእዳዉ ናብ ሰማይ ዘርጊሑ ናብ እግዚኣብሔር ጸለየ" ይብል። 1 ነገ 8፡22። ከምኡ ከኣ ካህን እዝራ ነቶም ህዝቢ ኣኪቡ መጽሓፍ ሕጊ ኣንቢቡ ነቲ ዓቢይ ኣምላኽ ጸሎት ምስጋና ምስ ኣዕረገ፡ እቶም ህዝቢ ድማ ኣእዳዎም ኣልዒሎም "ኣሜን ኣሜን!" ኢሎም መለሱ ይብል ቅዱስ መጽሓፍ። ነህ 8፡6። ስለዚ እምበኣር ኣእዳውካ ኣልዒልካ ምጽላይ በቶም ቀዳሞት ቅዱሳን ነቢያትን ነገሥታትን ዝጀመረ ኮይኑ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሰ ከምዝመጸ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብሰፊሑ ተጠቒሱ ንረኽቦ።

ኣብ ዘመን ሓዲሽ ኪዳን እንተ ኾነውን ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነተን ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሣን ብኣእዳዉ ኣልዒሉ ናብ ሰማይ እናጠመተ ኣመስገነ ቆሪሱውን ንደቀ መዛሙርቱ ሃቦም እሞ፡ ብበረኸቱ ንሓሙሽተ ሺሕ ሰብ ኣጽገበ ይብለና። ማቴ 14፡19:: እቲ ብዝያዳ ኣብዚ ክንጠቕሶ እንደሊ ድማ ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ መልእኽቱ <u>"ኵሎም ሰብኡት ካብ ባእስን ክትዕን ርሒቖም፡ ኣብ ኩሉ ስፍራ ቅዱሳት ኣእዳው ኣልዒሎም ኪጽልዩ እድሊ ኣሎኹ"</u> ዝብል ሠናይ ማዕዳ ጽሒፉልና ዘሎ'ዩ። 1ጢሞ 2፡8። ስለዚ እታ ቀዳማይቲ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ኣንጾክያ ክሳብ ትምሥረት እምበኣር ኣእዳውካ ኣልዒልካ ምጽላይን ርእስኻ ንሰማይ ኣንቃዕሪርካ ምምህላልን ኣብ ህዝቢ ኣይሁድ ንነዊሕ ዘመናት ልሙድ ኮይኑ ስለ ዝጸንሐ ኣብ እዋን ሓድሽ ኪዳንውን ብወግዒ ከም ዝቐጸለ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ይነግር።

ኣብ ሥርዓተ ኣምልኾ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያንና ብሓፈሻ ኣእዳውካ ኣልዒልካ ምጽላይ ብዙሕ ልሙድ ተርእዮ ኣይኮነን። እንተ ኾነ ግና ኣብ ጊዜ ምህለላ ብወገን ኣዴታትና ኣእዳወን እናልዓላ ምጽላይ ሓሓሊፉ ዝዝውተር ምዃኑ ኣይንስሕቶን ኢና። እዚ ዓይነት ኣገባብ ጸሎት ድማ ክሰዓብን ብዝያዳ ክልመድን ዝግብኦ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ናይ እምነትን ትሕትናን መግለጺ ምዃኑ ክንፈልጦ የድሊ። እቶም ቅዱሳት ኣእዳው ኣልዒሎም እናጸለዩ ብቓልን ብኹሉ ሥነ ምግባርን ኣብነት ክኾኑ ዝግብኦም ድማ ሰብኡት እዮም። ኣብ ዝኾነ ስድራ ቤትውን እቲ ብመንፈሳዊ ይኹን ሥጋዊ መሪሕነት ቅኑዕ ኣርኣያ ናይ ገዝኡ ክኸውን ዘለዎ ኣቦ እዩ። ብሩኻት ወለድን ለባማት መራሕትን ዝሓዘ ህዝቢ ድማ ጥዑይ ሕብረተ ሰብ ሃኒጾም፡ እዙዛት ውሉድን ክቡር ታሪኽን ገዲፎም እዮም ዝሓልፉ። ስለዚ ኵሎም ሰብኡት ብሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ሰሚሮም ንእግዚኣብሔር ክገልግሉ መንፈሳዊ ዕላማ ናይ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እዩ። እምበኣር ኣእዳውና ኣልዒልና ክንጽሊ ከሎና ነዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ምኽርታት ክንዝክር ብጣዕሚ ሠናይ ምዃኑ ኣይንዘንግዕ።

ኢድካ ምልዓል ማለት ብኹሉ መንፈስካን ልብኻን ኣካልካውን ከይተረፈ ብተመስጦ ንላዕሊ ናብቲ ሰማያዊ ኣምላኽ ምጥማት እዩ።

ኢድካ ምልዓል ማለት ከምቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣእዳዉ ዘርጊሑ ዝተሰቕለ፡ ንሃይማኖታዊ እምነትናን መንፈሳዊ ዕላማናን ዝገልጽ ክቡር ምልክት መስቀል እዩ።

ኢድካ ምልዓል ማለት ናይ ኣምላኽ ጽግዕተኛ ብምዃን ካብታ ሰማያዊት መንግሥቲ እግዚኣብሔር ሓጎስ፡ ሓይሊ፡ ጺጋን ሰላምን ክወሃበካ ምሕታት እዩ።

ኢድካ ምልዓል ማለት ከምቲ ሕጻናት ክሕቆፉን ክሕገዙን ኣእዳዎም ዘልዕሉ ንሕና ድማ ካብ ኣምላኽ ረድኤትን ምሕረትን ከም ዘድልየና ምእማን እዩ።

ኢድካ ምልዓል ማለት ከምቲ ወተሃደር ኣብ ዓውደ-ኵናት ዝማረኽ ንሕናውን ብፍቕሪ ኣምላኽ ተማሪኽና ናይ ኃጢኣት ግብርና ምርጋፍን ይቕረታ ምሕታትን እዩ።

ብዝተረፈ ኣብ እዋን ጸሎት ኣፍና ጥራይ ዘይኮነስ ኩሉ ሓሳብና ጠርኒፍና፥ ኣለባብሳና ኣጸቢቕና፥ ልብናን ኣካላትናን ኣወሃሂድና ብዝግባእ ጸሎትና ናብ እግዚኣብሔር እንተ ኣቕረብና ንሕቶና መልሲ ንሕማምና ከኣ ፈውሲ ከም ዘምጽኣልና እሙን ነገር እዩ። እዚ ክንብል ከሎና ግና ዝኾነ ሰብ ሕልናኡ ኣብ ዝደረኾን መንፈሱ ኣብ ዝነቓቕሖን ብተመስጦ ኣእዳዉ ኣልዒሉ ክጽሊ ደኣ እምበር፥ ከም ግዴታን ጾርን ኮይኑ ክስምዓና ድሌትና ኣይኮነን። ዕላማ መልእኽትና ንጉሥ ዳዊት <u>"ኣቱም ብለይቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር እትቖሙ ....... ኣብ መቕደሱ ኣእዳውኩም ኣልዒልኩም ጸልዩ ንእግዚኣብሔር ከኣ ኣመስግንዎ።</u> መዝ 134፡2። ካብ ዝበሎ ቅዱስ ቅንኢ ተበጊስና ኢና። ስለዚ ብፍላይ ጸሎተ-ቅዳሴ ክግበር ከሎ ኣብዞም ዝስዕቡ ጊዜ ጸሎታት ነቒሕካ ኣእዳውካ ኣልዒልካ ምጽላይ ጠቓሚ ምዃኑ መንፈሳውያን ኣቦታትና ይምዕዱ። ንሳቶም ድማ

1. ካህን ኣእዳዉ ዘርጊሑ "ኣሃዱ" ኢሉ ብዓቢይ ድምጺ ክጽሊ ከሎ፥

2. "ሃበነ ንሕበር" ትርጉሙ "ሕብረት መንፈስ ቅዱስካ ሃበና!" ኢሉ ክጽሊ ከሎ፥

3. "እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ" (እግዚኦታ) ክበሃል ከሎ፥ ኩሉ ጊዜ "ኣቡነ ዘበሰማያት" ማለት "ኣብ ሰማያት ትነብር ኣቦና" ክንጽሊ ከሎና፥

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኩሉ ሰብ ብካህናትን ዲያቆናትን እናተመርሐ ብንጹህ ልብን ብስቡር መንፈስን ናይ እምነት ጸሎቱ ናብ ኣምላኽ ክቕርብ ብሓቂ ባህ ዘብል እዩ። ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ነቶም ደገ ልቦም ዝኸፈቱ፥ ኣፍደገ መንግሥተ ሰማያት ከም ዝኸፍተሎም ዘጠራጥር ኣይኮነን። መሓሪ እግዚኣብሔር ልማኖና ሰሚዑ ፍቕርን ሰላምን የብዝሓልና!!! **"ኦ እግዚኣብሔር .... ኣእዳወይ ናባኻ ዘርጊሐ እጽሊ ኣሎኹ!" መዝ 88፡9**

## ጥዑም ቃል ብሥራት

ብወ/ሮ ሚዛን ብርሃነ

ቴክሳስ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ

ቅንያቱ ልደት ብምንባሩ እዩ ይመስለኒ፥ እዛ ቀጺለ ዝጠቕሳ ዘሎኹ ናይ መዝሙር ኣዝማች ኣብ ልበይ ትመላለስ ነበረት፡- "ጥዑም ቃል ብሥራት ኣብ ምድሪ ተሰምዐ፡ ኣብ ቤት ልሔም ይሁዳ ኣብ መብልዕ ማል ተወልደ፡ ገና ይመስል ነይሩ ግዜኡ ዘይበጽሐ፡ ኣብ ምዱብ ግዜ ግን መድኅና ተወልደ።" ከም ዝተባህለ ከምኡ ድማ "ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን" ብሰላሕታ ቅሂማ ካብቲ ንምእመናን ትምግቦም ዝነበረት መንፈሳዊ ምኽርን ዜና ቤተክርስትያንን ንሓያለይ ዓመታት ቦኺራ ጸኒሓ፡ ሕጂ ግን ትንሣኤኣ እዋኑ ኣኺሉ። ዝኾነ ኾይኑ ግን ክብርን መጎስን ነቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ፥ ነቲ ዝርኣን ዘይርኣን ኣብ ኢዱ ዝሓዘ እግዚኣብሔር ጎይታ ሠራዊት ምስጋና ይኹኖ። እንሆ ኣብቲ ምዱብ ጊዜኡን ሰዓቱን ነቲ ዝሞተ ሕይወት ዝህብ ነዛ ጋዜጣ እዚኣ ኸኣ ሕይወት ሂቡዋ። ኣየ! ክንደይ ጥዑም ብሥራት እዩ። ከምቲ ክርስቶስ ዝበሎ "ኣብ ምድሪ ካዕበት ኣብ ሰማይ ከኣ ናይ ዘልኣለም ሕይወት" ንኽንረክብ ኢሉ ንመገድና ብርሃን ሂቡና። ክቡራን ኣቦታት፥ ኣዴታት፥ ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ብዛዕባ ቃል እግዚኣብሔር ብጽሑፍ ይኹን ብቓል ንኽትዛረበሉ ክንደይ ጥዑምን ሠናይን እዩ። ንልቢ የህድእን የሐጉስን፡ ንመንፈሳዊ ውህበትና ከኣ የዕብዮን የሀብትሞን። እወ እዚ ዳግማይ ረኺብናዮ ዘሎና ዕድል ኣዝዩ ዓቢይ እዩ እሞ ሃየ ደኣ ንጠቐመሉን ንመዓዓደሉን። እቶም ቀዳሞት ኣቦታትና ነዚ ንሕና ረኺብናዮ ዘሎና ዕድል ኣየጋጠሞምን። ስለ ዘየርከብሉ ከኣ ከይተማህሩ ኣምሃሩና፡ ከይተኸድኑ ከደኑና፡ ብጥሙያቶም ቀለቡናን ኣብልዑናን። ከምዚ ዝኣመሰለ ፍቕሪ ወለዲ ምርካብና ኣዝዩ ዘገርም እዩ። ከምዚ ኪገብሩ ከሎዉ ከኣ ኣባና ከቢድ ሓላፍነትን እምነትን ስለ ዘንበሩ እዩ።

ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ብጥንታውነታን መሠረታን፡ ብዙሕ ሃብትን ክብረትን ዘሎዋ፡ ንደቃ ለዋህ፡ ሓላይትን ለጋስን እያ። ንጉሥ ዳዊት ከም ዝበሎ "ቅንኣት ቤትካ በልዓኒ" ኣብ ልባትና ብዛዕባ ቤተክርስቲያና ዘሎና ቅንኣትውን ከምኡ፡ ቅዱስ ቅንኢ፡ እዩ። ምንም እኳ እዚ ዘሎናዮ ጊዜ ክፉእን ዘፍርህን እንተኾነ፡ ከምቶም ኣምላኽ ዘይብሎም ምእንቲ ከይንኸውን ምርጫና ከነጽንዕ ይግባእ። ከምቲ ቅዱስ ጽሑፍ ዚብሎ "እንሆ ኣዳም ከም ሓደ ካባና፡ ጽቡቕን ክፉእን ዝፈልጥ ኮይኑ ኣሎ" (ዘፍ 3፡22)፤ ወዲ-ሰብ ምስ ኣምላኽ ወይ ድማ ብዘይ ኣምላኽ ኪኸውን ነጻ ምርጫ እዩ ዘሎዎ። ብዘይ ኣምላኽ ምንባር ኣብ ጸልማትን፡ ግብሪ-ጸልማትን ምንባር ስለ ዝኾነ ሰላም ይኹን ቅሳነት የብሉን።

እዛ ሕጂ ሰለይ እናበለት ጉዕዛኣ ጀሚራ ዘላ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ብዛዕባ ኣምላኽ ዝሃበና መሰል ውሉድነትን ካልእ ህያባትን፡ ብዛዕባ ሕሉፍ፡ ህሉውን መጻእን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያንና ካብቶም መንፈሳውያንን ቅኑዓትን መራሕትና ክንመሃር፡ ነንሕድሕድና ክንመዓዓድን መጻኢናን መጻኢ ወለዶታትን እንዳቋመትና ክንመያየጥ፡ ብኽልቲኡ ቛንቛታት ትግርኛን እንግሊዘኛን ኪትሕተም ምጅማራ ኸኣ ብፍላይ ኣብ ዓዲ ይኹን ኣብ ስደት ዝዓብዩ ዘሎዉ ደቅና እምነትናን ባህልናን ከነውርስ ብዙሕ ኪትሕግዘና ትኽእል እያ። እዚ ግና ኩላትና ክንጽዕረላን በቲ ኣምላኽ ዝሃበና ጸጋታት የማናይ ኢድና እንተሂብናን ጥራሕ እዩ። ብወገነይ ነቲ ኩሉ ዝተሓልፈን ዝሕለፍ ዘሎና ፈተና ናይ ቤተክርስቲያንና ኣጋናዚበ ኪርእዮ ከሎኹ፡ ኣብ ልበይ ዘሎ ምስጋና ዓብዪ እዩ። ሓጎሰይ ንኽገልጽ ቃላት ይስእነሉ። ብዙሓት ከምዚ ኸማይ ነዛ ከም ስማ ብርሃናዊት ዝኾነት ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ዳግማይ ከተንብቡ ዝበቓዕኩም ብዙሕ ከም እትሕጎሱን እትባረኹን ተስፋ ኣሎኒ።

ሕዝብና ኣሸንካይዶ ከምዚ ዚኣመሰለ መፈሳዊ ደገፍ ረኺቡ፡ በተን ሒደት ዝፈልጠን'ውን ኣብ እምነቱ ጽኑዕን፡ ኣማንን ሕዝቢ እዩ። ነዚ ዘረድእ ሓደ እዋን ሓደ ኣቦ ኣብ ቤትና ተዓዲሞም መጺኦም ከምዚ ይብሉ "እቶም ቀዳሞት ወለዲ እኮ እምነቶም ኣዝዩ ጽኑዕን ብርቱዕን እዩ። ከምዚ ናይ ሎሚ ብቓል ጥራይ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ብግብሪ ዚግለጽ እምነት እዩ ኔሩ። ከም ብዓል ሓዋርያ ጴጥሮስን ብድሕሬኦም ዝሰዓቡን፡ እምነት ክርስቶስ ብምምሃሮም መስዋእቲ ኪቕበሉ ከሎዉ ከምቲ ናይ ጎይታና ዘይኮነስ፡ ቁልቁል ኣፍና ሰቕሉና ይብሉ ኔሮም፤ ኣብ መስዋእቶም ከተረፈ ምሉእ ትሕትና የርእዩ ኔሮም። ናይ ሎሚ ግን ኣይግድን።" በቲ ናይቶም ኣቦ ዕላል ብወገነይ ብዙሕ ተመሰጥኩን ዓብዪ ትምህርቲውን ረኺብኩ። ሎሚ እንዕዘቦ ዘሎና እምነት ግን ነቲ ቃል መጽሓፍ ቅዱስ ሸምዲድካ ኣጽኒዕካ፡ ብቓላት ምምንጣል እምበር ብግብሪ ዘይስነ ፎኪስ እምነት እዩ። ብዙሕ ከይቐጸለውን ባእሲ፡ ክርክር፡ ምፍንጫል፡ ትዕቢትን ኣንነትን ይርእ። እምበኣር ከምቲ ዘይተተምነየ "ኦሪጅናል" ኣቕሓን ትምዩን ስኑዕ "ኣርተፊሻል" እቕሓ ዘሎ፡ እምነትውን ከምኡ ናይ ሓቅን፡ ናይ ራኣዩለይ ካብ ክሳድ ንላዕልን እምነት ኣሎ። ስለዚ መገድና መርሚርና ኣብቲ ጥንታውን ሓዋርያውን እምነትና ክንጸንዕ ይግባእ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ እቲ ክዉን ድኣ እምበር ንገሌኦም ንምሹናን ኣይኮነን። ካብኡ ንላዕሊ ኸኣ ነቶም ነዚ ቅዱስ ሥራሕ ተወፍዮም ዘገልግሉ ዘሎዉን ንኹላትና ኣንበብትን ኣመንትን ምእንቲ ክንመሃረሉ እዩ። ከምቲ ቃል ዝብለና "ዓቓላት ከም ሕሩያት ኣምላኽ ቅዱሳትን ፍቑራትን ክንከውን..." (ቆሎ 3፡12-13) ጸሎተይን ትምኒተይን እዩ። ኣብ እምነትና ጽንዓት ይሃልወና፡ ዝኾነ ዕንቅፋት እንተ ኣጋጠመውን ኣብ ዘሎናዮ ሃዲእና ንኣምላኽና ንጸበዮ እሞ ክንዕወት ኢና። እቲ ጻድቕ ኣቦና ኢዮብ ንሰበይቱ ዝበላ ንዘክር "ካብ ኢድ ኣምላኽ ሠናይ ተቐቢልናስ ነቲ እኩይከ ኣይንቕበሎንዶ?" (ኢዮ 2፡10)። ብዙሓት ሰማዕታት፡ ብመከራን ስቓይን ዝሓለፉ ኣቦታት ዘውረሱና ሃብቲ እንተሎ ጽንዓት እዩ። እቲ ህይወቱ በጃና ዘሕለፈ ኣምላኽና ክርስቶስ ከኣ ነቦታትና ኣይገደፎምን ንኣናውን ኣይገድፈናን እዩ። ኣብ ዓለም ክትነብር ከሎኻ እቲ ሕይወት ዝተፈራረቐ እዩ። ጥዑም ጊዜን ሕማቕን፡ ጽጋብን ጥምየትን፡ ብርሃንን ጸልማትን፡ ሓጎስን ሓዘንን፡ መርዓን ሞትን... ከም ኩነታቱ ክንቕበሎን ክንክእሎን ኩሉ ጊዜ ትውክልትናን ምጥማትናን ኣብ ኣምላኽ ኪኸውን ከሎ እዩ። እግዚኣብሔር ይደግፈና።

# Book Review

by Deacon Habtu Ghebre-Ab

**Ware, Bishop Kallistos, *The Orthodox Way,* St. Vladmir's Seminary Press, (Crestwood, New York, 1995).**

I came to know of the author a few years back when I purchased a copy of his highly acclaimed work, the now classic *The Orthodox Church.* Those were the days when I first became engaged in a thoroughgoing search for the truth, a personal and exhilarating spiritual pilgrimage that brought me face-to-face with Orthodoxy. It was a journey that led me full-circle to the faith of our fathers. As I was reading and studying, this book filled some important historical and doctrinal gaps for me.


What touched me even more in those days were Kallistos' charitable views on ecumenism. I had read several books, which while profitable at many levels yet I found wanting when it comes to the discussion of the Chalcedon divide. In my experience, the approach some in the Byzantine Orthodox Church take in addressing this all-important question has been quite strident. The language and spirit of Bishop Kallistos in his classic work, however, was the first one I found to be filled with hope for the future, and consistent with the evolving rapprochement between the two families of the Orthodox Church. His work seems to take into account and is consistent with the restoration efforts of the unity of faith in the last forty years between the Orthodox and Oriental Orthodox Churches. I have since come across several other authors who write in the same vain.

When I purchased *The Orthodox Way*, I was, therefore, already favorably disposed towards the long and fruitful work of Bishop Kallistos. I must state that I have not been disappointed. In this, his most recent work, the author uses the most ancient name for Christianity – the Way (Acts 19:23; 24:22) – in order to emphasize "the practical character of the Christian faith… a path along which we journey."

*The Orthodox Way* is not an attempt to undertake any systematic comparisons between Orthodoxy on the one hand and Catholicism and Protestantism on the other. Nor does it delve into the Church, its "concilliar" character, the communion of saints, the sacraments or the meaning of liturgical worship. The main purpose of the book, as the author himself clearly states, is "to offer a brief account of the fundamental teachings of the Orthodox Church, approaching the faith as a way of life and a way of prayer." In fact, I find true his assertion that the book "might have been called 'What Orthodox Christians live by'".

Having chosen *the Way* as the name for our faith, and our journey on that Way as the proper metaphor for our Christian life, the author draws our focus on the essential "signposts" on that journey. Just as one who travels on a highway to a certain far-off destination must have signposts along the way in order to guide the traveler, so also must the traveler on the spiritual Way have clear and unmistakable signposts along his path.

Kallistos sets the tone for the book in the introduction by warning us that "the only means of discovering the true nature of Christianity" is to "step out upon this path, commit ourselves to this way of life, and then we shall begin to *see for ourselves.*" We cannot properly understand the Way, he says, as long as we remain outside. Yes, it is important to receive directions from others before we embark on this journey. But directions from others alone are insufficient for the journey; and they can never be "a substitute for direct, personal




experience. Each is called to verify for himself what he has been taught; each is required to re-live the Tradition he has received."

The author presents the reader with six essential signposts that one must grapple with as one journeys on the Way: (1) God as Mystery (2) God as Trinity (3) God as Creator (4) God as Man (5) God as Spirit, and (6) God as Prayer. Each signpost represents a chapter.

In the chapter that deals with "God as Mystery", the reader is introduced to a uniquely Orthodox teaching about the "*otherness* and yet the *nearness* of the Eternal." As the Fathers of the church insisted, "A God who is comprehensible is not God." In other words, "God is both further from us, and nearer to us, than anything else." He is well known to the smallest child and yet can remain incomprehensible to the most brilliant theologian. He dwells, as Scriptures tell us, in "light unapproachable". But, at the same time, one can "stand in his presence with loving confidence and addresses Him as friend. God is both end-point and starting-point." So, when we use the term "mystery" in Christianity, we are not referring to something as "baffling", an enigma or insoluble problem. A mystery is "something that is *revealed* for our understanding, but which we never understand *exhaustively* because it leads into the depth of the darkness of God. The eyes are closed – but they are also opened."

The doctrine of the Trinity is the cornerstone of the Christian faith. It is central to Orthodoxy and to the doctrine of salvation. It is with the affirmation that God is both *PERSONAL* and *LOVE* that the author painstakingly explains how the doctrine of Trinity is essential to man's salvation. If God is love, then "love cannot exist in isolation, but presupposes the other". Personhood and love signify life, movement, and discovery. So the doctrine of the Trinity means that we should think of "God in terms that are dynamic rather than static. God is not just stillness, repose, and unchanging perfection."

The author illustrates the "doctrine of the Trinity by looking at the Triadic patterns in salvation history and in our own life of prayer." Using St. Irenaeus symbolism of the Son and the Spirit as the "two hands" of God the Father, he goes on to show how the Father is using both these "hands" at once in every creative and sanctifying act. He shows how Scripture and worship provide repeated examples of this, as seen in the creation, the incarnation, the baptism and transfiguration of Christ, and the eucharistic epiclesis.

The profoundness of Kallistos' assertion that there are essential and practical implications to the dogma of the Trinity is illustrated in the following statement: "So far from being pushed into the corner and treated as a piece of abstruse theologizing of interest only to specialists, the doctrine of the Trinity ought to have upon our daily life an effect that is nothing less than revolutionary. Made after the image of God the Trinity, human beings are called to reproduce on earth the mystery of mutual love that the Trinity lives in heaven."

In the chapter that deals with 'God as Creation', the author tackles the all-important question of God's motive for creation. God's motive in creation, he says, is his love. In fact, instead of saying that "God created the universe out of nothing", we should say that "he created it out of his own self, which is love." He goes even further by saying that God should not be thought of as the Manufacturer or the Craftsman, but as the Lover. The author looks at creation not so much as an act of his free will, but as his *free love.* "To love means to share, as the doctrine of the Trinity has so clearly shown us: God is not just one but one-in-three, because he is a communion of persons who share in love with one another."

Kallistos' brilliance is seen on how he presents creation as being not just in the past-tense, frozen in the story of the book of Genesis, but a dynamic and continuous present. Instead of saying: "God made the world, and me in it", he tells us that it is appropriate to say: "God is *making* the world, and me in it, here and now, at this moment and always". When creation is viewed in this manner, it ceases to be an event in the past, but a dynamic and true relationship in the present.

It is with the above as a backdrop that the author gently leads the reader in some of the most important teachings of Orthodox Christianity: what it means to be created in the image and likeness of God, man as priest and king, the inner kingdom, evil, suffering and the fall of man, the consequences of the fall and the question of a suffering God.

In reading a certain part of *The Orthodox Way*, one gets the impression that it could not get better than that. But as one progresses, there are pleasant surprises at every turn. In the chapter that deals with 'God as Man', Kallistos handles the doctrine of the incarnation so delicately, methodically and, as everywhere else, with great sensitivity towards practical application.

Ever kin to practicality, in the chapter that deals with 'God as Prayer', Kallistos provides the traveler on the Way the following three important presuppositions: (1) since the journey is undertaken in fellowship with others, the traveler is a *member of the Church*. "Orthodox tradition is intensely conscious of the ecclesial character of all true Christianity." (2) The spiritual Way also presupposes *life in the sacraments*. (3) Besides being ecclesial and sacramental, life in the Church also presupposes being *evangelical.*

In *The Orthodox Way,* Bishop Kallistos Ware brings the traveler in the Way indispensable signposts. This is a serious yet accessible account of the doctrine, worship and life of the Orthodox Christian. Every topic that is discussed in the book is with the eye towards its application. The doctrines of the Trinity, the Incarnation, and of creation, for instance, are all discussed in such a way as to render the book a genuine work of catechism for Orthodox Christians.

# Editorial

## "Where is Your Faith?"

Faith is the singular identifying characteristic of all the patriarchs and prophets of the Old Testament as well as the Apostles, martyrs, Church fathers, and all men and women of God of the New Testament era. It is with faith that they all fortified themselves as they faced all the challenges of their respective times. The word of God tells us that it was this one important quality for which "the ancients were commended" (Heb. 11:1). When these saints placed all their hopes in God, we note that God never abandoned them in their hours of need, nor did He fail them.

God being a never-changing God, the above truth remains unchanged in our age, too. Our Lord told His disciples: "If you have faith as small as a mustard seed, you can say to this mountain, 'Move from here to there' and it will move. Nothing will be impossible for you" (Matthew 17:20). By faith, they dared to heal the sick and raise the dead. By faith they confronted persecution and death. By faith they stood unshaken in defense of the truth. Nowhere in the Scriptures do we read that any of God's children who put their trust in God as they confronted adversities disappointed either. For God is trustworthy.

St. Peter learned the cost of wavering in one's faith fairly early in his life with Christ. He put his trust in God and dared to walk on water. But the instant he took his eyes off our Lord and let himself become overwhelmed by the ferocity of the sea beneath him, he was overtaken by fear and began to drown. Even then, he cried out to our Lord to save him, which he did. Writing years later, and as if he was harkening back to that experience, St. Peter instructs us: "In this greatly rejoice, though now for a little while you may have had to suffer grief in all kinds of trials. These have come so that your faith – of greater worth than gold, which perishes even though refined by fire – may be proved genuine…" (1 Peter 1:6-7).

If we were to try to look at faith in its negative feature, i.e., referring to it in what it is not rather than what it is, we can say that faith is more than mere intellectual assent. Faith, when it is shorn of all its passive elements, must be action oriented, moving us to act boldly whenever we are called upon by events and circumstances. In other words, the power of a living faith is its transformative quality, spurring us to action for causes far greater than ourselves. This is the same faith that transformed the ordinary disciples of Judea into extraordinary servants that changed the world.

How does faith then manifest itself in those who are charged to lead God's people? If those who are put in positions of leadership among God's people are to be effective leaders, their faith should be evident in the fearless manner of their leadership. When the actions of such people are guided by fear of consequences, when their faith is compromised by what they personally may lose as a result of unpopular stands they may have to take, they have abdicated their God-given positions of leadership. Instead of serving God and His people with sacrifice, they become interested safeguarding their own personal interests. If the guiding principle of such deformed leadership is being liked by people and being accepted by others and crass popularity, they have forgotten our Lord's instruction: "All men will hate you because of me."

Christ's words: "Anyone who does not take his cross and follow me is not worthy of me" speaks against timid leadership. And timid leadership is no leadership at all. In fact, such leadership is likened in the Bible as that of a blind person leading a blind. The consequence of such failure in leadership is expressed in the starkest language. It tells us to "leave them" – leave such leaders! Why? The answer is simple, "If a blind man leads a blind man, both will fall into a pit."

There is a very interesting narrative in the Scripture. As the disciples were traveling on sea, their boat was buffeted by a frightening storm. When they saw drowning as a real danger, they screamed "Master, Master! We're going to drown!" The word of God tells us that Our Lord "rebuked the wind and the raging waters; the storm subsided and all was calm." The next important problem He addressed was their fear by asking them, "Where is your faith?" The problem was not the raging sea. They were victims of their own fear.

The times in which we live are treacherous. Our faith is tested at every turn, both as lay people of God and as people who are placed in positions of leadership. The question that the Lord asked of His disciples is, therefore, being asked of us today: "Where is your faith?" Where is our faith? What answer will we give to this all-important question?

As our church presently faces the most serious challenges and dangers, we see men and women making decisions that are detrimental to the future of our faith and the Church. We see many leading the flock astray, and others hiding, refusing to take a firm stand. We see many selling the future of our church for a momentary "mess of potage" – a personal gain - as Jacob sold his birthright to his brother Esau.

All of us – lay persons and clergy alike - are called "to *contend* for the faith that was once for all entrusted to the saints" (Jude 2). What does that mean? The word "contend" in Tigrinya is translated as "*gedil*". As our people very well know, the word evokes struggle and sacrifice, paying, if need be, even the ultimate sacrifice for a cause. It means that we must have enough faith to stand for the truth. It means that we have to be willing to pay whatever price it takes to defend the Church. What greater cause is there anyway?

Our Lord tells us: "Whoever acknowledges me before men, I will also acknowledge him before my Father in heaven. But whoever disowns me before men, I will disown him before my Father in heaven" (Matthew 10:32). May God help us to be faithful unto death!

*ዎ ጎይታይ፡ ሥራሐይ እንተ ቀደወለይ፡ ምህርተይ እንተ በርከተለይ ካብ ኩርዓት፣ እንተ ዘይቀደወለይን ዘይበርከተለይን ካብ ቀቢጸ ተስፋ ኣድሕነኒ። ብድሕሪ ውድቀት ደው ምባል፣ ብድሕሪ ስራሕ ዘይምቕናዕ፣ ዓወት ከምዘሎ ኣዘክረኒ።*

*ዎ ጎይታይ፣ ይቕረታ ምግባር እቲ ዝለዓለ ፍልጠት፣ በቐል ግና ናይ ድኹማት መሣርሒ ከም ዝኾነ ምሃረኒ።*

*ዎ ጎይታይ፣ ጸጋ፣ ጥዕና፡ እንተ ከላእካኒ፣ እምነት ሃበኒ። ሃብተይ እንተ ወሰድካ፣ ተስፋ ግደፈለይ።*

*ዎ ጎይታይ፣ ንዝበደልኩዎ ይቕሬታ ክሓቶ ድፍረት፣ ንዝበደለኒ ይቕሬታ ከይከልኦ ርህራሄ ሃበኒ።*

*ዎ ጎይታይ፡ ኣነ እንተ ረሳዕኩኻ፡ ንስኻ ኣይትረሳዓኒ።*

*ዎ ጎይታይ፡ ዝደኮንካኒ ባዕልኻ ኢኻ እሞ፣ ድኹም ምኽኒይ ርኢኻ ኣብ ስራሐይ ኩሉ ኣዐውተኒ።*

*ካብ ዓረብኛ ቋንቋ ዝተርጎምኩሉ ምኽንያት ኣብ'ዛ ናይ ኩሶዐይ ዓለም እዚኣ፣ፈጣሪኡ እና ኣመስግነ ኩሉ ሰብ ብሰላም ምእንቲ ክነብር ብማለት ኢዩ።*

*መቃርዮስ፡ ኣቡን።* 1998


**Fenote Berhan asks your prayer, material and financial support!**
**ፍኖተ ብርሃን ብጸሎት፡ ብጽሑፋትን ብገንዘብን ኪትድግፍዋ ትጽውዕ!**

ኣድራሻና
**www.tewahdo.org**
**E-mail: fbnewspaper@tewahdo.org**
**Phone: (678) 894-4665**
**Fax: (770) 828-0646**

**Fenote-Berhan**
**P. O. Box 80814**
**St. Clair Shores, MI 48080**
**USA**